# ብድሆ

**ክልተ-ወርሓዊ ዕላዊ ልሳን**
**ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር /ኤደግ/**

“ብድሆ” ዝብል ቃል፡ ኣብ መስርሕ ታሪኽ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ስፍራ ዘለዎ ስያመ ምዃኑ ይፍለጥ። ሰንሰለታዊ ወለዶታት ኤርትራ ንሓራን ልዕላውን ፖለቲካዊ ውሳኔኦም ንምዕቋብን ንምውሓስን፡ ንኩሉ መልክዓት ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምንጻግ፡ ኣብ ፍትሓውን ደሞክራስያውን መሰርዕ ቃልሲ ተሰሊፎም ብከቢድ መስዋእትን ስንክልናን ዘተነደቐ መግለጺ ኤርትራዊ መኸተ ትእምርትን ጽንዓትን'ዩ። ሞሳ ሰማእታትና፡ ህያው ታሪኻዊ ቅርሲ ሰውራና፣ ሚስጢር ህላዌና፣ ልዕልን ቅድምን ኩሉ ዝስራዕ ረዚን ዕላማ ዝሓቖፈ፣ ትርጉም ሃገራውነትና ዝግለጸሉ ንሰፊሕን ዓሚቕን ኣምር ዝውክል ውርሻ ቃልስና ዝገልጽ ቃል'ዩ “ብድሆ” ማለት።

ሕጂውን ነዚ ረዚን ትርጉሙ'ዚ ኣብ'ዚ ህልዊ መድረኽ'ዚ፡ ኩሉ ዓቕምታትና ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ይኽተት!! ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ክሳብ ቶታሊታሪያዊ (ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ተወጊዱ መተካእትኡ ብህዝበ-ውሳኔ ዝምእዘዝ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ስርዓት ዝህነጽ በቲ ዝቐደመ ብድሆ ዝሕላገቱ ዘይጸዓድ ኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ጽንዓትን፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ክቕጽል ግድን ምዃኑ ይገልጽ።

1ይ ዓመት ሕታም ቁ. 02 ለካቲት 2011

# ትሕዝቶ

- ርእሰ-ዓንቀጽ
  - ስሙር ቃልሲ ኣብ ክሊ መሪሕ ጭርሖ
- ኣተኩሮ
  - ሃገራዊ ጉባኤ ኣውንታዊ ዝላ ንቅድሚት!!
  - ማዕቐብ ባይቶ ጸጥታን ሃገራዊ ረብሓታትናን
- ዓምዲ መንእሰያት
  - ሃንቐውታ መንእሰይ ኤርትራን ክውንነቱን

E-mail:- edf4eritrea@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ስሙር ቃልሲ ኣብ ክሊ መሪሕ ጭርሖ

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቶታሊታርያዊ ገባቲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተቓሊዖም፡ ረቋሒታት ሃገራዊ ህላዊኦም እናረቀቐ ኣብ ዘሰክፍ ኩነት ወዲቆም ምህላዉም ኩሉ ብማዕረ-ተረድኦ ዝርዕመሉ ሓቂ'ዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት ድማ፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ልዕልን ቅድምን ኩሉ ዝስራዕ መድረኻዊ ዕዮታትና ክኸውን ባህርያውን ግድነታውን'ዩ። ነዚ ረዚን ታሪኻዊ ሓላፍነት'ዚ ንምፍጻም መላእ ህዝቢ ኤርትራን ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጥን ዓቕምታቶም ኣብ ሓደ ሓባራዊ ሃገራዊ ዕዮ ብምጽማድ፡ ብሓደ ውሑድ ህርመት ንሃገራዊ ረብሓታቶም ዝቃለሱሉ ሰፊሕ ዓውዲ-ቃልስን ምስ መድረኻዊ ሕቶ ዝሳነ ውደባን ከረጋግጹ ከም ዝግባእ ካልእ ግድነታዊ ቅድመ-ኩነት ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ነዚ መባእታዊ መድረኻዊ ጠለብ ንምምላስ ሓያል ቃልሲ ክካየድ ምጽንሑ ዝፍለጥ'ዩ።

እነሆ! ብመሰረት ውሳኔታት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ካብ 21-30 ሕዳር 2011 ኣስታት 600 ዝኾኑ ዜጋታት ካብ ዝተፈላለየ ፖሎቲካዊ ሓይልታት፡ ሲቪክ ማሕበራት፡ ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታት፡ መራሕቲ ሃይማኖታት ጋዜጠኛታት፡ ምሁራት፡ መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮ........ወዘተ ንሙሉእ ክውንነትን መልክዕን ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ጾታውን ዕድመን ተዋጽዖ ብዘንጸባርቕ ሃገራዊ ጉባኤ ኣውንታዊ ምላሽ ረኺቡ'ሎ።

እዚ "ድሕነት ህዝብን ሃገርን ንምውሓስ ራእይናን ዓቕምታትናን ነስምር!! ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ዝተጋበአ ታሪኻዊ ጉባኤ'ዚ፡ ንዝሓለፎም ባላሕቲ ብድሆታትን ሓርጎጽጎጻትን ሰጊሩ፡ ኣብ ኣወንታዊ መደምደምታ ንምብጻሕ ዝከኣለ፡ ረቛሒታት ሃገራዊ ሓድነት ንምውሓስ ነጥበ-ስምምዑ ኣበሪኹ ብምስራዕ ንካልኣዊ ጉዳያት ክኽፈል ዝግብኦ ዋጋ ንምክፋል ልዑል ክብደት ብምሃቡን'ዩ። ብርግጽ ከኣ ብሰንኪ ፈላሊኻ-ግዛእ ውዲታዊ ፖሊሲ ቶታሊታሪያዊ ጉጅለ ስርዓት ኢሳይያስ ረቛቑ ዝጸንሐ መንፈስ ሕድሕድ ምትእምማንን፡ ዓንዲ-ማእከል ዓወታቱ ምዃኑ ዝተገንዘበ'ዩ። ነዚ መክሰብ'ዚ ብምዕቓብ ንቅድሚት ንምዕዃኹ ሓጋዚ ባይታ ኣብ ምንጻፍ ሃገራዊ ጉባኤ ኣወንታዊ ክቡያ ኣመዝጊቡ'ዩ። ሰለዚ ከኣ ሕድሕድ ንምክብባር፡ ሓቢሩ ንምስራሕን ስሙር ሓይሊ ለውጢ ንምርግጋጽን ዘለዎ ቅሩብነት፡ ብሓድሽ መንፈስ ከዕቚቦ ኪኢሉ'ዩ። እዚ መቅድም ኩሉ ዋጋ ዝወሃቦ፡ ኣብ መስርሕ ሓባራዊ ገድላዊ ዕዮና እምነ-ኲርናዕ ሽኻል ኮይኑ ዘገልግል፡ ብንዋት ዘይትመን ጸጋ'ዩ። ብካልእ መዳይ ሃገራዊ ጉባኤና ዘጽደቆም ፖለቲካዊ ቻርተር፣ ህገ-ህንጻን መሪሕ ሓሳብን ሓባራዊ ሰነዳት ቃልስና ብምዃን ተመዝጊቡ'ዩ።

ኣብ ክሊ'ዚ መሰረታዊ ብልጫታት ሃገራዊ ጉባኤና፡ ተራ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ምዕዋት ደሞክራሲያዊ ቃልስና ዘለዎ ዘይትካእ ቦታ፡ ግቡእ ሚዛን ተዋሂቡዎ ኣብ ኩለ-መዳያዊ ፖለቲካዊ ህይወት መሪሕ ተራ ክጻወቱ ዘኽእሎም፡ ብቃልሶም ዘረጋገጽዎ ባህርያዊ ቦትኦም ክዓትሩ ምኽኣሎም፡ ድሙቕ ነጥበ-መቀይሮ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኤርትራ፡ ካብ ጸኒሓዊ ምትፍናን ሰጊሮም ኣብ መስርዕ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ምስ ምኩራትን ናይ ጽንዓት መማህራንን ኣያታቶም፡ ንሓባራዊ ዕላማ ኣብ ሓደ መስርዕ ክስለፉሉ ዘብቀዐ ታሪኻዊ ኣወንታዊ ፍጻመ'ዩ።

ብድምር ሃገራዊ ጉባኤና፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ መሰረታውያን ረቋሒታት ኣማሊኡ፡ ብሓደ ፖለቲካዊ መሪሕነት ዝምእከል ዝሰፈሐ ሃገራዊ ጽላል ክምስርት ምብቕዑ፡ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ኣውንታዊ ዝላ'ዩ። እዚ ፍጻመ'ዚ ከኣ ንትጽቢት ህዝብና ዝመልስ፡ ንጸላኢና ድማ መርዘን-ርእሲ'ዩ። እዞም ኣብ ሃገራዊ ጉባኤና ዝተመዝገቡ ሓያል ብልጫታትና ንበይኖም ግን፡ ዓወት ወይ መተካእታ ዓወት ኣይኮኑን እዮም። ብርግጽ መሳልል ዓወትና ናይ ምዃን ብቕዓት ኣለዎም። ስለዝኾነ ብመንገዲ ሃገራዊ ጉባኤና ንዝዓተርናዮም መኽሰባት ዓቒብናን፡ ምስቲ መድረኽ ዝጠልቦን ጉባኤና ዘልዓሎን መሪሕ ጭርሖ ዝሳነ ውሑድ ቃልሲ ክነካይድ ንጥለብ ኣሎና።

ደጊም ኤርትራዊ መድረኻዊ ዋኒን፡ ብልጫታትን ጸጋታትን ሃገራዊ ጉባኤና ተዓጢቕና ስሙርን ዉሑድን ቃልሲ ኣብ ምክያድ ኩሉ-መዳያዊ ደገፋት ንሓባራዊ ፖለቲካዊ መሪሕነትና ብምሃብ ታሪኻዊ ግደና እንተፈጺምና፡ ኣብ ልዕሌና ንዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋ ብምምካን ናብ ኣወንታዊ ለውጢ ናይ ምቅያሩ ተኽእሎና ሰፊሕ፡ መጻኢና ብሩህ'ዩ። ነዚ ዝሕግዝ ኣብ ዓለም-ለኻውን ኣህጉራውን መድረኽ ዝተፈጠረ ምቹእ ኩነታት ብሓደ ሸነኽ ሳላ'ቲ መቃብሩ እናኳዓተ ዝሓድር ትምክሕታዊ ጉጅለ ህግደፍ ከም ገጸ-በረኸት ዝህበና ዘሎ መውቕዒ በትሪ ድማ ብካልእ ሸነኽ፡ ኣብ ሃገራዊ ረብሓና ንምውዓል፡ ንጡፋትን ብቑዓትን ተዋሳእቲ ንምዃን ብኩሉ ዓቕምታትና ክንሰርሕ ምስ ንኽእል ናብ ናሕሲ-ዓወት ምሕኳርና ግድነታዊ ኩነት'ዩ።

ብኣጠቓላሊ ዓወትና ኣብ ዝፍጠር ኣጋጣሚታት ዝምርኮስ ዘይኮነስ ብውፉይ ተጋድሎና ንምውሓስ፡ ወርቃዊ ዕድላት ኣብ ቅድሜና'ሎ። ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/ ኣብ ክሊ'ዚ መሰረታዊ እምነታቱ፡ መክሰባት ሃገራዊ ጉባኤ ብምዕቓብ፡ ብውሳኔታቱ ተማእዚዙ ኣብ ክሊ መስርሑ ዝተራእዩ ሕጽረታት ብምእራም ንሃገራዊ ባይቶ ንምድልዳልን ንቕድሚት ንምስጓምን ብክንድ'ቲ ዓቕምታቱ ገድላዊ እጀትኡ ንምልዓል፡ ሎሚ'ውን ከም ወርትግ ኣብ ቅድሚት ክስለፍ ምዃኑ የረጋግጽ።

# ኣተኩሮ

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ርሱን ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት እንድህሰሉ፡ ካብ ሃገራዊ ራእይ ግንባርና ብምብጋስ ዓሚቕ ተንታት ብምቕራብ፡ ኣብ ህልዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንዝለዓሉ ተባራዕቲ ሕቶታት ዝህልወና ንባብ ንምቅርራብን ሓባራዊ ተረድኦ ንምጥራይን፡ ካብኡ ተበጊሱ ከኣ ዝተወሃሃደ ዓቕምታትና መድረኻዊ ሽቶና ንምዕዋት ብዘክእል ኣገባብ ንቕሓትን ፖለቲካዊ ዕጥቕን ኣባላትናን ደለይቲ ለውጢ ክፋል ሕብረተሰብና ብምርግጋጽን፡ ንቑሕ ተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብና ንምውሓስ ዝዓለመ መደብ'ዩ። እዚ ዓምዲ'ዚ ንእዋናዊ መርገጻት ግንባርና ዝውክል ጽሑፋት ዝተኣናገደሉ ዓምዲ'ዩ።

## ሃገራዊ ጉባኤ ኣውንታዊ ዝላ ንቅድሚት!!

ባዕዳዊ መግዛእቲ ተባሪሩ ብድሕሪ ነጻነት ጋህዲ ምዃኑ፡ ኤርትራ ምስቲ ኩሉ ዘሕለፈቶ መሪርን ዝተሓላለኸን ብዓል ቤታዊ ይኹን ግዳማዊ ቃልስታትን ብድሆታትን ብምዝማድ፡ ንሰላምን ቅሳነትን ናይታ ሃገር ዘውሕስ ተሳትፎ ኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዘረጋግጽ ጉባኤ ሃገራዊ ስኒት ክጋባእ ትጽቢታት ብዙሓት'ዩ ነይሩ። ብኡ ኣቢሉ ከኣ ብህዝቢ ዝተመርጸ ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ክትሃንጽን ቁልጡፍ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባሌ ከተረጋግጽን ዝተጸበዩ ቁጽሮም ውሑድ ኣይነበረን። ካብኡ ዝዘለለ'ውን ኣብ ምርግጋእን ጸጥታን ቀርኒ ኣፍሪቓ ኣውንታዊ እጃም ትጻወት ሃገር ክርእዩ ክቱር ባህግታት ዝነበሮም ቀሊል ግምት ዝወሃቦም ክኸውን ኣይኽእልን። ኣብቲ እዋን'ቲ ንሓቀኛ እንታይነት ዓምጣሪ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዘይምልላይ ድዩ ወይስ ብተራ ምድንጋጽ ብዘየገድስ፡ ከምዚ ዓይነት ሕልምታት ኣብ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ ዜጋ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ መንግስታትን ኣህዛብን ጎረባብቲ ሃገራትን ዓለምን ኣጉላዕሊዑ ምንባሩ ምንም ዘጠራጥር ጉዳይ ኣይኮነን። ብርግጽ ግን መበገሲኡ ካበናይ ኩርናዕ ይብገስ ብዘየገድስ ጽቡቕ ትጽቢታት ክሳብ ዝነበረ ኩሉ ግዜ ብተስፉ ሰናይ ምምናይ ዝጽላእስ ኣይነበረን።

ኣብዚ እዋን'ዚ ምስቲ ሽዑ ብዝተፈላለየ ኣካላትን ኩርንዓትን ዘንጸባርቕ ዝነበረ ትጽቢታት ብምዝማድ ንህልዊ ፖሎቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ክንመዝን ከለና፡ ኩሉ'ቲ ክውንነት ብኣንጻሩ ኮይኑ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ምህላዉ ካብ ማንም ዝተኸወለ ሓቂ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ብርግጽ ኤርትራ ብድሕሪ ነጻነታ ምጭባጥ ብህዝቢ ዝተመርጸን ብውሳኔታቱ ዝምእዘዝን ደሞክራስያዊ ስርዓት ክትሃንጽ ኣይተዓደለትን። ውሕስነት ኩሉ ፖሎቲካውን ብሄራውን ሃይማኖታውን መሰላት ይኹን ሓርነታት ዜጋታታ ብቅዋም ተረጋግጹ፡ ሰናይ ደሞክራስያዊ ምሕደራ ዝዓሰላ ሃገር ክትኸውን'ውን ኣይበቕዐትን። ሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ፍትሒ፡ ማዕርነትን ምዕባሌን ዝነገሳ፡ ምስ ጎረባብታ ብሕድሕድ ምኽብባር ትነብር ሃገር ክትኸውን ኣይኸኣለትን። ሕማቕ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ኤርትራ ኣብዚ ህሞት'ዚ መሰላትን ሓርነታትን ዜጋታታ ዘይተኸብር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ምዝራግ ምርግጋእን ጸጥታን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣሉታዊ እጃም ትጻወት ሃገር ምዃና ብጭቡጥ እናተረጋገጸ መጺኡ'ዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን እቲ ንማ/ሰብ ዓለም ሓደገኛ ዝኾነ ስነ ሓሳብ ግብረ ሽበራን ዕለታዊ ተግባራቱን ትድግፍ ሃገር ምዃና ብግብሪ እንተረጋገጸ ስለ ዝመጸ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ተደጋጋሚ ማዕቐብ ዝብየነላ ሃገር ኮይና ምህላዋ ካብ ምንም ዝተሰወረ ክውንነት ኣይኮነን።

እቲ ንሓቀኛ መንነት ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ከሎ ጌና ብኣግኡ ኣለልዩ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ክቅጽል ዝተገደደ መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ግን ኣብ መባእታዊ እዋን ነጻነት ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዘንጸባርቕ ዝነበረ ተስፋታት ኣብ ቦትኡ ዘይምንባሩ ብጣዕሚ ጽኑዕ እምነት ነይርዎ'ዩ። ካብዚ እምነት'ዚ ብምብጋስ ከኣ ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ሓጎስ ነጻነትን ንህግደፍ ዝተፈጥረሉ ዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ ምድንጋጽን ብክብደቱ ከይተዳህለ ብክንድ'ቲ ዓቕምታቱ ዘፍቕዶ ህዝቢ ኤርትራ ብኣጉል መብጽዕታት ናይቲ ስርዓት ክታለል ከም ዘይብሉን ገና ኣብ ቅድሚኡ ከቢድ ብድሆታት ቃልሲ ይጽበዮ ምህላዉን ብንጹር እናሓበረ ምምጽኡ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ንዘጋጥሞ ዝነበረ ዝተፈላለየ ሃገራውን ዞባውን ኣህጉራውን ተጽዕኖታት ተጻዊሩ፡ ንጸረ ህዝቢ ንሓቀኛ መንነት ስርዓት ህግደፍ እናጋለጸ ንዝተሓላለኸ ብድሆታት ሰጊሩ ናብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ መድረኽ ቃልሲ ክበጽሕ ምኽኣሉ ሓደ ካብቲ ብኣውንታ ዝግለጽ ዕዙዝ ሃገራዊ ዕዮታቱ ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ክሊ'ዚ ጽኑዕ እምነታቱን ሃገራዊ ዕዮታቱን ኣንጻር'ቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንምምካትን ለውጢ ንምርግጋጽን ሕድሕድ ምትእምማን ኣጥርዩ ኣብ ሓደ ስሙር ራእይን ኣንፈት ቃልስን ዓቕምታቱ ንምጥንናፍ ርኡይ ሕጽረታት'ኳ እንተነበሮ ብድሕሪ ብዙሕ ጻዕርታትን ሓርጎጽጎጻትን ግን ብ2010 ኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ምዕዋቱ ዓቢ ክብሪ'ዩ ነይሩ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ምስ ሕሉፍ ኩነታት መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምዝማድ ክርአ ከሎ ኣውንታውን ታሪኻውን መድረኽ'ዩ ነይሩ። ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ዜጋታት ድሕሪ ነዊሕን ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ጉዕዞን ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለምን ፖሎቲካዊ ዝንባሌታትን ኣብ ሓደ ሓባራዊ መኣዲ ዘተ ወይ ጽላል ዓሲሎም፡ ኣብ ኣገዳስቲ ሃገራዊ ጉዳያትን መፍትሒኡን ዝምልከት ንምልዛብ ምግባእ ንባዕሉ መድረኽ ዝጠልቦ ዓቢ ታሪኻዊ ተረኽቦ'ዩ። ካብኡ ንላዕሊ'ውን በቲ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ዝጠልቦ ብሕድሕድ ልባዊ ምክብባር፡ ምጽውዋር፡ ብስልጡን ኣገባብ ምልዛብን ሓሳብ ንሓሳብ ምልዋውጥን ንገዛእ ርእሱ ሓደ ካብቲ ክተባባዕ ዝግብኦ ኣውንታዊ ምዕባሌ'ዩ። ምስቲ ንኤርትራዊ ባህሊ ዝጻረርን ድሒሩ ዝማዕበለን ብምንጽጻግ ዝፍለጥ ኣሉታዊ ፖሎቲካዊ ተመክሮታት ሜዳ ኤርትራ ብምዝማድ ክምዘን እንከሎ ከኣ፡ ኣብ ታሪኽ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝተመዝገበ ዘይነዓቕ ሃገራዊ መኽሰብ ብምዃኑ፡ ብግቡእ ክስነድ ግድን ይኸውን። ሃገራዊ ዋዕላ ብኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብድሕሪ ምዝዛሙ፡ ኣብ 2011 ሃገራዊ ጉባኤ ክጋባእ፡ ነዚ ረዚን ዕማም'ዚ ንምስላጥ ከኣ 53 ኣባላት ዝሓቖፈ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ከቢድ ሓላፍነት ተሰከመ።

ብመሰረት ውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ድማ ካብ 21 ክሳብ 30 ሕዳር 2011 ኣስታት 600 ዝኾኑ ዜጋታት ዘሳተፍ፡ ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለምን ፖሎቲካዊ ዝንባሌታትን ንኩሉ ክውንነትን መልክዕን ህዝብና ዘንጸባርቕ ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ምግብኡ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ምስቲ ኩሉ ብርክት ዝበለ ፖሎቲካዊ ዝንባሌታትን ዝተፈላለየ ተመክሮታትን ተጋባእቲ ነቲ ኩሉ መዳያዊ ኩነታት ኤርትራን መፍትሒኡን ዝምልከት ሃናጺ ዘተን ልዝብን ኣካየዱ። ብውጽኢቱ ከኣ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዘርዕድን ተስፉ ህዝብና ዝመልስን ሓደ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ቻርተርን ውሳኔታት መሪሕነትን ሒዙ ምውጽኡ፡ ኣብ ጉዕዞ መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣውንታዊ ዝላ ኣመዝገበ'ዩ። እዚ ተረኽቦ'ዚ ህዝብን ሃገርን ብምድሓን ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ኣውንታዊ ጅማሮ ደኣንበር ናይ መወዳእታ ዕማም ክኸውን ስለዘይኽእል፡ ኣብቲ ዝድለ ሽቶኡ ንምብጻሕ፡ መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብመንፈስን ግብርን ኣብ መስርዕ እቲ ብሃገራዊ ጉባኤ ዝተመዘዘ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ብምስላፍ፡ ብዘይተጉላባነት ኩሉ መሳርሒ ቃልሲ ከስንቕዎ ይግባእ።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍን መጋበርያታቱን ብሃገራዊ ጉባኤን ውጽኢቱን ሕጉሳት ክኾኑ ኣይኽእሉን'ዮም። ብርግጽ'ውን ብሓድነት ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክሕጎሱ ምጽባይ ዝኽኣል ኣይኮነን። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ መንጎ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ መንፈስ ዘይምትእምማን ብምፍጣር ሓድነቱ ንምስንጣቕ፡ ንሃገራዊ ባይቶ ሓንሳብ ብልዕልነት ሓደ ሃይማኖት ካልእ ግዜ ድማ ብልዕልነት ሓደ ኣውራጃ እናገለጹ ስራም መርዝታት ይነዝሑ ምህላዎም ድማ ዝፍለጥ'ዩ። ሃገራዊ ባይቶ ነዚ መርዛም ወፍርታት'ዚ ብግቡእ ብምምካት፡ ነቲ ረዚን ዕላማታቱ ንምዕዋትን ብሃገራዊ ጉባኤ ዝተዋህቦ ከቢድ ሕድሪ ብከምቲ ዝድለ ናብ ሽቶኡ ንምብጻሕን ነቲ ክሳብ ሕጂ ተረጋጊጹ ዘሎ መኽሰብ ዓቒቡ፡ ሕድሕድ ምትእምማንን ሓድነትን መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዛዝን ንምድልዳልን ቀዳምነት ብምሃብ ለይቲ ምስ መዓልቲ ጻዕርታቱ ከበራትዕ ይግባእ። ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር/ኤደግ/ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣወንታውን ደራኺን ግዲኡ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ንምፍጻም ድልው ምዃኑ የረጋግጽ።

## ማዕቐብ ባይቶ ጸጥታን ሃገራዊ ረብሓታትናን

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ክልተ ግዜ ተደጋጋሚ ማዕቐብ ኣምቢሩ ኣሎ። እዚ ማዕቐብ'ዚ ካበይ ይነቅል? ዕላምኡ'ኸ እንታይ'ዩ? ኣብ ልዕሊ መን ዝተወሰነ ማዕቐብ'ዩ? ብመንጽር ልዕላውነት፡ ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ክርአ ከሎ ኣውንታውን ኣሉታውን ገጻቱ'ኸ እንታይ'ዩ?……..ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት፡ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ባይታ ውዕውዕ መዛረቢ ኣጀንዳታት ኮይኑ'ሎ። ርግጽ'ዩ እዚ ኣጀንዳ'ዚ ኣብ በይኑ ኣጋጣሚታት ዝተዘርበሉን፡ ዝተፈላለዩ ሸነኻት ካብ ናይ ገዛእ ርእሶም ረብሓታትን ኣጠማምታን ብምብጋስ ሕድሕዶም ዝጻረሩ መርገጻት ዘሰጉሙሉን ዛዕባ ካብ ዝኸውን ወሪሑ'ሎ። ብክንድ'ቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ተጻራሪ መርገጻት፡ ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ከም "ሰራቕ ሞብእ" ንብዓት ሓርገጽ እናነብዐ ዝዋጥየሉ ዘሎ መርዛምን ሓደገኛን ፕሮፓጋንዳ ተደሚሩዎ፡ ንኤርትራዊ ፖለቲካዊ ባይታ ሓበጀረዋይ ተረድኦታት ዓብሊኹዎ'ሎ። ብከምዚ ሓንፈጽ መርገጻት'ዚ ከኣ፣ ንፈታውን ጸላእን ብዘየለሊ ብተራ ሃገራዊ ስምዒት ምቕንዛው ወይ ኣብ ጃላነት ምትራፍ ኣብ ዘብጽሖ የብሉን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሃገራዊ ረብሓታትካ ምልላይን ምውሓስን ዝኽኣል ኣይኮነን።

ስለዝኾነ ድማ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ንሕዞ ፖሎቲካዊ መርገጽ ብላህመታዊ ኣፍልጦ ወይ'ውን ተራ ምድንጋጽ ብዝዓብለሎ ግሩህ ሃገራውነት ዘይኮነስ፡ መሰረታውን ኣብ ንቕሓት ዝተመርኾሰን ክኸውን ግድነት'ዩ። ካብዚ ወጻኢ ንህልው ኩነታት ምልላይን ሃገራዊ ረብሓታትና ምውሓስን ዝበሃል ነገር ኣይሕሰብን'ዩ። ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ካብ'ዚ ዓሚቕ መሰረታዊ ተረድኦታቱ ብምብጋስ፡ ንህልዊ ኩነታት ብልክዕ ዝተረድአ፡ ኣብ ሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ዝተመስረተ

ንረብሕኡ ዝጣበቕ ንብድሆታት ብጽንዓት ዝምክት፡ ንሃገራዊ ረብሓታቱ ብምውሓስ ንዘላቕነት ዝከላኸል ኤርትራዊ ንቕሓት ምፍጣር፡ ሓደ ካብቲ መድረኻውን ታሪኻውን ሓላፍነታዊ ዕዮታቱ ጌሩ'ዩ ዘወስዶ። በዚ መሰረት ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብባይቶ ጸጥታ ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ምስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ረብሓታትና ብምዝማድ፡ ዐኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ኣተኩሮ ብድሆ ክንድህስሶ ዝሓጸናዮ እዋናዊ ዛዕባ ኮይኑ'ሎ።

<u>ቅድመ-ማዕቐብን ደራኺ ፍጻሜታቱን</u>፡- ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ከቢድ መስዋእቲ ዝተኸፈለሉ ሓርነታዊ ቃልሲ ብዓወት ተጸንቢላ፡ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ልዑል ኣኽብሮትን ወግዓዊ ኣፍልጦን ዝረኸበት ልኡላዊት ሃገር'ያ። ምስዛ ሓዳስን ውልዶን ሃገር ኣብ ኩሉ መዳያዊ ሓባራዊ ረብሓታት ብሽርክነት ክሰርሑ ዝሓጸዩዋ፣ ድልውነቶም ዘረጋገጹን ዝበሃጉን ብዙሓት ምንባሮም ከኣ ናይ ትማሊ ተዘክሮና'ዩ። ብርግጽ ከኣ ነጻነታዊ ውልደት ኤርትራ ንሃገራዊ ረብሓታትና ንምዕኳኽ ኣብ ዝሕግዝ ምቹእ ዓለማዊ ኩነታት ዝተጋሀደ ምስ ምንባሩ፡ ኣብ መጻኢ ጉዕዞ እዛ ሃገር ኣወንታዊ ድርኺት ክገብር ዝኽእል ዝነበረ ኩነት ተፈጢሩ'ዩ። እዚ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ዝተኸሰተ ዓበይቲ ምቅይያራትን ሓደስቲ ክስተታቱን፡ ኣብዚ ልዑል ጂኦ-ፖለቲካውን ማሕበረ-ኢኮኖምያውን ኣገዳስነት ዘለዎ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ምስ ዝተኸሰተት ውልዶ ሃገር ተደሚሩ፡ ኣቓልቦ ብዙሓት ብምስሓብ ንሓባራዊ ረብሓ ሓቢሩ ንምስራሕ ዝዕድም ዓለም-ለኻዊ ቅሩብነት ምምጽኡ ባህርያዊ ነገር'ዩ። ልዕልን ቅድምን ኩሉ ዝስራዕ ዝዓበየ ብልጫ ከኣ ኣብ ውሽጣዊ ሃገራዊ ኩነታት ዝተፈጠረ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ቅሩብነት'ዩ ኔሩ። ውሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ ኣዝዩ ምቹእ ኔሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ መስተንክራዊ ዓወት ዘመዝገበ ኤርትራዊ ጽንዓትን ተወፋይነትን ኣብ መስርሕ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ንምድጋሙ፡ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ንምኽፋል ክብጀው ህንጡይነት ዝተሓወሶ ኣወንታዊ ውሽጣዊ ቅሩብነት'ውን ተማሊኡ ዝነበረሉ እዋን'ዩ። እቲ ቁም ነገር እምበኣር ነዚ ሳሕቲ  ዝርከብ ወርቃዊ ዕድል'ዚ ኣብ ሃገራዊ ረብሓታትና ንምውዓል፡ ብሸነኽ'ቲ ንፖለቲካዊ ቦዶነት ብታሪኻዊ ኣጋጣሚ ዝተረኸበ፡ ጉጅለ ህግደፍ ዝተዋህበ ምላሽ እንታይ'ዩ? ዝብል ሕቶ ምልዓል፡ ነዚ ሎሚ ተኸሲቱ ዘሎ ክውንነት ዝምልስ ክሳዳዊ ሕቶ'ዩ።

እዚ ጉጅለ'ዚ ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሃገራዊ ነጻነታዊ ሕቶ ተጎልቢቡ፡ "ሓርበኛዊ ካባ" ለቢሱ ክሳብ ድርኹኺት ሓርነት ዘይተጓደለ ደገፍ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብምርካብ ኣብ ዝፋን ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተወጠሐን፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ነጻነት ጉልባቡ ቀሊዑ ናብ ፍጹም ገዛኢ ደርቢ ዝተሰጋገረ ቶታሊታርያዊ ጉጅለ'ዩ። በዚ መሰረት ከኣ ፖለቲካዊ ስልጣን ብኢደ-ወነኑ ብሒቱ፡ ብዋጋ ልኡላውነት ህዝብን ሃገርን ዕድል መጻኢ ወለዶታት ኤርትራ እናተቛመረ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ፡ ረብሓታቱ ከውሕስ ብምጅማሩ፡ ንኩሎም ውሽጣውን ግዳማውን  ባህግታት ብምጽራር፡ ንልጓም ኣልቦ ስሱዕ ሸውሓት ርእሰ-ኩናት መራሒኡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምርዋይ፡ ኤርትራዊ ጸጋታትን ሃብትን ኣብ ትሕቲ ፍጹማዊ ምልክነት እዚ ቶታሊታሪያዊ ጉጅለ'ዚ ክወድቕ ኮነ። ናይ ሎሚ ኤርትራ እምበኣር ውጽኢት ናይ'ዚ ን20 ዓመታት መመላእታ ብዘይ ምቁራጽ ንጸቢብ ጉጅላዊ ሕሳባት ርእሰ-ምልክነት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክበሃል ተሰፋታትናን ባህግናን መኺኑ፣ ውሽጣዊ መሳርዕና ተዘሪጉ፣ ዓቕምታትናን ጸጋታትናን ጎቲሙ፡ መዓንደሪ እዚ ቶታሊታሪያዊ ጉጅለ ኮይና ምህላውና ዝፍለጥ'ዩ። መዓስ'ዚ ጥራይ ኤርትራዊ ሃገራዊ ረብሓና ተሓሺሹ፣ ፖለቲካዊ ባህልና ተዓይኑ፣ ብኩቡር መስዋእቲ ዝሃነጽናዮ ጅግንነታዊ ታሪኽናን ክብርንን ሓሲሩ፣ ክልተኣዊ ኣህጉራዊ ዝምድናታትና ኣመና ተቛሲሉ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ዝግብኣና ዝነበረ ንቡር ባህርያዊ ቦታና ከሲርናዮ.......ወዘተ ኣለና። ናይ'ዚ ኩሉ መዓት'ዚ ተሓተቲ ብርግጽ ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ህግደፍን መጋበርያታቱን ምዃኖም ዘካትዕ የብሉን። ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ናይ ነጻነት ዓመታት፡ ካብ ኣዝዩ ዱሙቕ ባናን ብሩህ መጻእን ናብ ከምዚ ዓይነት መዓሙቕ ደልሓመት ዝመረሐ ኩነትን መግለጺታቱን እንታይ'ዮም? ንሙሉእን ሰፊሕን ኣፍልጦና ክንሕገዝ፡ ነቶም ፍሩያት ኣብነታት ብምልዓል ምርኣይ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ክልተ ንኡሳን ኣርእስትታት ከፊልና ክንርእዮም ክንፍትን ኢና።

<u>ውሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ</u>፡- ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ መሪር ጽልኢ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጥራይ ዝወለዶ ኣይነበረን። ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ሰረት ዘለዎ ሕቶ ልዕላውነት ስልጣን፣ ሕቶ ደሞክራሲ፣ ሕቶ ሰብኣዊ መሰል፣ ሕቶ ማዕርነትን ፍትሕን፣ ሕቶ ሰላምን ልምዓትን፣ ሕቶ ሰናይ ጉርብትና ይኹን ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ዝተሰረተ ሕድሕድ ምክብባርን ምድግጋፍን ከም መሪሕ ኣጀንዳታቱ ጌሩ ዘንቀደ ህዝባዊ ቃልሲ'ዩ ኔይሩ። ስለዝኾነ ከኣ ድሕሪ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ጎይታ ነብሱን መጻኢኡን ዝገብሮ ሓራ ፖለቲካዊ ውሳኒኡ ዝግዝኣሉ ብኩለ-መዳያዊ መዓልታዊ ህይወቱን ጠለባቱን ዘንጸባረቐ፡ ልዕላዊ ስልጣን ናይ ምጭባጥ ሹቱኡ ክሰምር ትጽቢት ኔይርዎ። ሕማቕ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ጉጅለ ህግደፍ ነቲ ረዚን ሃገራዊ ዕላማ፣ ሕድሪ ስውኣትን ተስፋ ህዝብን ጠሊሙ ጸቢብ ረብሓታቱ ብምቕዳሙ፡ ዓስቢ ጻማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምኽፋል ሓንጊዱ፡ ንኣጠቓላሊ ፖለቲካዊ መኣዝን ብዘገርም ቅጽበት ቀይሩ፡ ንኩሉ'ቲ ትጽቢታት ንምምካን ድማ ተቐዳደመ።

ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝብና ልሉይ ኣበርክቶ ንዝነበሮም ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ህላዊኦምን ተሳትፍኦምን ብምሕኻኽ፡ "ካብ ሎሚ ንደሓር ብስም ውድባት ሓሸውየ ምጽዋት፡ ከም ከቢድ ገበን'ዩ ዝቑጸር" ብምባል ናብ ሕብረ

ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ከሲጋገር ትጽቢት ዝተገብረሉ ቦኽሪ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ፡ ንቁልቁል-ኣፉ ክድፋእ ገበረ። እዚ ብክሕደት ህግደፍ ዝተመሰሰ ሕዛእቲ ፖለቲካዊ ስልጣን'ዚ፡ ንኣካውና ሕብረ-ብሄራዊ ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ሓኺኹ፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ንዘልዓሉ ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ትሕቲ ሃገራውነት ብምስራዕ፡ ህላወን ቀጻልነትን ኤርትራ ምስ ህላወ ዲክቶቶርያዊ ስርዓቱ ዝውሰን እንኮ ረቋሒ ሃገራውነት ንነብሱ ጥራይ ብምውሳድ፡ ብዕሊ ትምክሕታውን ገባትን ኣዋጅ ክእውጅ ተጓየየ። እቲ ምንጪ ተኣምራታዊ ሓይሊ ኮይኑ ንደርማስ ሓይሊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሰዓረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያቱ ብጺሒት ከም ዘይብሉ፡ ተለቃብን ዝተባህሎ ጥራይ ዘተግብርን፡ ኢሳይያስ ድማ ጎይታን መሃንዲስን ኤርትራዊ ሃገራዊ ክብሪ ኮይኑ ተሸመ።

እዚ ኣነዋሪ ክሕደት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሕቶ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት፡ ማዕርነትን ፍትሕን፡ ሰላምን ልምዓትን .........ወዘተ ዝተኣወጀ ቅሉዕ ኵናት ብምንባሩ ከኣ፡ ፖለቲካዊ ህይወት ኤርትራ ንቡር መስርሑ ተሰናኺሉ ብቕጽበት እናተሓላለኸ ብምኺድ ኣብ ከርሱ ሓያል ቁጠዓ ዝተጠጅዐ ህዝባዊ ተቓውሞታት ክወልድ ጌይሩ'ዩ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ፡ ኣድማ ተጋደልቲ 1993፣ ማሕበራዊ ጠለብ ዝመበገሲኡ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካለ ስንኩላን ማይ ሓባር 1994፣ ጅምላዊ ማእሰርቲ ናኹራ ዘስዓበ ኢ-ሰብኣዊ መቕጻዕቲ ነበርቲ እምባደርሆ፣ ዓዲ-ኣበይቶ፣ ዓዜን፣ ኳዜን፣ ድግሳ፣ ተቓውሞ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ 2000፣ ኣስካሕካሒ ፍጻሜ ጉጅለ 15ን 13ን ዒራዒሮ፣ ኣብ ልዕሊ ነጻ-ፕረስን ጋዜጠኛታትን ዝተወሰደ ስጉምቲ.......ወዘተ መግለጺ'ዚ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ዓፈና'ዩ። ብርግጽ እዚ ከም ኣብነት ዝተገለጸ፡ እቲ ዝፈረየን ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ዝኾነን ፍጻመ'ዩ። ሃይማኖታዊ ነጻነት ብምግሃስ፣ ንግዱድ መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ባርነትን ብምቅዋም ኣብ ልዕሊ ዕሸላት መንእሰያት ብጻዕቂ ዝፍጸም መርሸንቲን ኢ-ሰብኣዊ ባርባራዊ ተግባራትን፣ ብውልቐን ጉጅለን ብውሳይ ዝውሰድ መጭወይትን ቅንጸላን እንተዝጽብጸብ፡ ኣይኮነን'ዶ ነቶም ኣብ ልዕሊ'ዛ መሬት ብሂወት ዘሎና ንስለ'ዛ ሃገር ተበጂዮም ጉቡኦም ብምፍጻሞም ሩፍታ ንዝስምየም ሰማእታት ኤርትራ ከይተረፈ መቓብሮም ዝኹሕኹሕ መሪር ዛንታ'ዩ።

<u>ግዳማዊ ኲነታት ኤርትራ</u>፡- ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኤርትራ ናብቲ ብሕታዊ ተሓታቲኡን ምንጩን እናቐረበ ኣብ ዝመጻሉ እዋን፡ ብምርጫ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንረብሕኡ ብዝተቃነየ "ልኡላውነት" ዝብል ብዝስንዮ ኣጀንዳ ተሞኹሊዩ፡ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ብምልባዕን ስግረ-ዶብን ጎንጺ ብምጽሕታርን ብዘደንጹ መንገዲ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ በብእብረ ናብ ዝነቱግ ዓውዲ-ኲናት ቀይሩ፡ ኣቦ-ጓይላ ናይቲ ኲናት ብምኻን ወሰናስን ከኹድድ ካብ ዝጀምር እንሆ፡ ልዕሊ 17 ዓመታት ኣቑጺሩ'ሎ። እዚ ልጓም-ኣልቦ ዕንደራ'ዚ ብዞባ ዓበይቲ ቀላያት ደሞክራቲክ ኮንጎ'ዩ ተመሲሱ። ኣብዚ ወፍሪ'ዚ ርእሰ-ምልክነት ኢሳይያስን ስርዓቱን ንልዕሊ 4 ዓመታት ብሂወት ንጹሃት ኤርትራውያን መንእሰያትን ጸጋታት ሃገርን እናተቐመረ፡ ብዶላራትን ሉልን ብሚስጢር ተዓሲቡ'ዩ። ኣብ 1994 ንመንግስቲ ሱዳን ንምዕላው ምስ ግዳማውያን ሓይልታት ጸሚዱ፡ ዘሕፍር ስዕረት ተጎልቢቡ'ዩ። ብ1995 ብስም ደሴታት ሓንሽ ምስ የመን ዝገበሮ ኲናት፡ መወዳእትኡ ብሕጊ ተረቲዑ'ዩ። ካብ 1996 ክሳብ 2008 ሓንሳብ ክብ ንሓንሳብ ለጠቕ ክብል ዝጸንሐን ናብ ደማዊ ኲናት ዘምረሐን ዝምድናታት መንግስቲ ጁቡትን ስርዓት ኢሳይያስን'ውን ገና መወገኒ ዘተገብረሉ፡ ብሞንጎኛነት መንግስቲ ቀጠር ተታሒዙ ዘሎ ጉዳይ'ዩ። ካብ 1998 ጀሚሩ ክሳብ 2000 ዝቐጸለን ብሙሉእ ስዕረት ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተዛዘመ፡ ግን ከኣ ሕጂ'ውን መሊኡ ዘይጸዓየ ኣዕናዊ ደማዊ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጽውቕ መግለጺ ናይ'ዚ ኩነት'ዩ።

እዚ ኲናት'ዚ መን ወሊዕዎ? ዝብል ብኣህጉራዊ ዳኝነት ከይተረፈ ዝተተሓዘ ጉዳያትን ፍርዲ ዝተዋህቦን ብምኻኑ፡ ተሓታቲኡ ቶታሊታርያዊ ጉጅለ ኢሳይያስ ምኻኑ ብዘየማትእ ዝተሰመረሉ ጉዳይ'ዩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝማታእ ኣካል እንተልዩ፡ ንድሕሪት ተመሊሱ መዛግብ ፍጻሜታትን መደምደምታ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን እንታይ ከም ዝነበረ ክውከስ ንምዕድ። ኣብዚ በብእብረ ዝተካየደ ኲናት፡ ኤርትራ ዝተዓደየቶ ሰብኣዊ ዓቕሚ፣ ጸጋታት ሃገር፣ ስነ-ኣእምራውን ነገራውን ክሳራታት እልቢ-ኣልቦ'ዩ። ከም ሃገርን ህዝብን እንታይ'ከ ከሲብና? እዚ ቁስሊ'ዚ በዚ እዋን'ዚ ክሓዊ'ዩ ዘይበሃል ንሕቆ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ-ቤታት ዘገጸበ ብምኻኑ፡ ሕልና ንዘለዎ ኣብ ትሕቲ ኣፋፌት ዓይኑ ንዘሎ ሓቂ ክርኢ ብዙሕ ዘጸግም ኣይኮነን። ብድሕሪ'ዚ ኩሉ እምበኣር'ዩ ሕጂ'ውን ቶታሊታርያዊ ጉጅለ ስርዓት ኢሳይያስ ንሱ ኣብ ውሑስ ቤተ መንግስቲ ደንደንን ባጽዕን ተዓቚቡ፡ መዘዛቱ መላምል መንእሰያት ኤርትራ ንዘህለቐን ዓዲ ዘባደመን ኲናት ከምብሕታዊ ምርጫ ሞትን ሕየቱን ብምውሳድ፡ ብውክልና ሓይልታት ተቓውሞ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከሳስዮ ዝመረጾ ዘሎ።

ተቆጻጻሪ ጉጅለ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኤርትራን ሶማልያን ኣብ 2011 ዕላዊ ንዝገበሮ ጸብጻብ ከም መወከሲ'ኳ እንተወሲድና፡ ብስርዓት ህግደፍ ዝተመልመሉ፣ ዝሰልጥኑ፣ ዝዓጥቑን ዝተዋፈሩን፣ መናሃርያኦም ኣብ ኤርትራ ብምግባር ዝተዓቖቡ ሓይልታት ተቓውሞ ዞባ ቀርኒ ኣፍርቃ ማእለያ የብሎምን። ናይ ጁቡቲ ግንባር ንሕብረትን ደሞክራስን ጂቡቲ፤ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ግንባር ኦጋዴን፣ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ፣ ግንባር ሓርነት ዓፋር፣

ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ዓፋር "እጉጉሞ"፣ ግንባር ሓርነት ሲዳማ፣ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ፣ ተቓወምቲ ዛባ ኣምሓራን ጋንቤላን፤ ናይ ሶማል ኣልሸባብ፣ ሒዝቡል ኢስላም /እስላማዊ ግንባር ሶማል/፣ ሒዝቡል ኢስላም/ኤ.ኣር.ኤስ/ ካልኦትን ከምዘለዉ፡ ብኣርሓ ሓለቓኦም ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ከም ዝዋፈሩ ብጭብጥታት ኣሰንዩ ጸብጺቡ'ሎ። እዞም ሓይልታት እዚ'ቶም ኣብ መደበራት ተዓሊም ኪሎማ፣ ራስ-ዳርማ፣ ዒን፣ እንዳዓሊን ካልኦትን ወተሃደራዊ ስልጠና ከምዝግበረሎም ኩሉ-መዳያዊ ወተሃደራዊ ደገፋት እናተዋህቦም ድማ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንምክያድ ከም ዝወፍሩ ብዝርዝር ኣስፊሩ'ሎ።

መዓስ'ዚ ጥራይ ኮይኑ፡ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብመሰረት መጽናዕትታቱ ዕላዊ ኣብ ዝገበሮ ጸብጻብ ከምዝሓበሮ፡ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብቀጥታ ዝመልመሎም፣ ዘሰልጠኖም፣ ዘዕጠቖም፣ ዝምውሎምን መደባት ሰሪዑ ዝለኣኾምን ጉጅለታት፡ ኣብ ፈለማ 2011 ን6ይ ሱሩዕ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ንምዝራግን ነተኮቲ ንምፍንጃርን ተላኢኾም፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓይልታት ኢትዮጵያ ንዝኣተዉ ሰባት ኣዘራሪቡ ዘውጽኦ ጸብጻብ'ውን ኣሎ። እቲ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ነዚ ተግባር'ዚ ክገልጾ እንከሎ "ብመሪሕነት ግዳማዊ ስርሒታት ስለያ መንግስቲ ኤርትራ ዝተሓንጸጸ፡ ዝተሃንደሰ፡ ዝተነድፈን ዝተመርሐን ብመሪሕነት /ብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ ጎይትኦም ክንፈ "ወዲ መቐለ" ማለቱ'ዩ/ ዝተኻየደን ውዲት'ዩ። እዚ ስርሒት ከም ዝተሓሰቦ ተፈጺሙ እንተዝነብር ከቢድ ሲቪላዊ ህልቂት ምስዓበ፡ ንቁጠባ ኢትዮጵያ መዕነዎ ንኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ከኣ ምዘረጎ ኔሩ።..." ድሕሪ ምባል ተቆጻጻሪ ጉጅለ ትዕዝብትታቱ ክትገልጽ እንከሎ፡ "....ኩሉ ስልጠናታት ካብ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ'ዮም ክቅበሉ ጸኒሖም።....ከምዚ ዝኣመሰለ ፍሉይ ስርሒት ምህላውን ዕላምኡን ዝፈልጥ ኣቦ-መንበር ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ዳውድ ኢብሳ ጥራይ'ዩ ኔሩ። እንተኾነ ንሱ'ውን ኣብዚ ስርሒት'ዚ ዝኾነ ኢድ ምትእትታው ይኹን ቁጽጽር ኣይነበሮን። ..." ድሕሪ ምባል ናይ'ዚ ስርሒት ሙሉእ ሓላፍነት ዝስከም ስለያዊ መሓውር ኤርትራ ምዃኑ ትዕዝብቱን መደምደምታ መጽናዕታዊ ውጽኢቱን ኣቐሚጡ ይርከብ።

ብጀካ'ዚ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ሕንፍሽፍሽ ንምእታው ንዝወጠኖ መደባት ንምፍጻም፡ ገዚፍ ፋይናንሳዊ ምወላ ከም ዝገብር ብምግላጽ ብኣብነት ከሰንዮ እንከሎ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብመንገዲ ኣብ ኬንያ ናይሮቢ ዝርከብ ኤምባሲኡ ወርሓዊ ክሳብ 80 ሽሕ ዶላር ኣቢሉ ንጉጅለ ኣልሸባብ ከምዝምውሎ ኣቃሊዕዎ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንዝመልመሎም ጉጅለታት ዝውዕል ኣዝዩ ልዑል ፋይናንሳዊ ምወላ ከም ዝገብር'ውን ብጭቡጢ ሰነዳት ባንኪ ተሰኒዩ ኣብ'ዚ ጸብጻብ ተገሊጹ'ዩ። ብተወሳኺ እዚ ጸብጻብ'ዚ፡ እዞም ኣብ ሕቑፊ ቶታሊታያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ከም ቆልዓ-መብጽዓ ዝሕንቀቑ ዘለዉ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓጢቖሞም ዝነበሩን ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ዝተማረኹ ኣጽዋራት ኩናትን ወተሃደራዊ መሳርሒታትን መበገሲ ብምግባር ዘካየዶ መጽናዕትን ምርመራን ካብ ምንጬም ከምዘረጋገጸ፡ ብስም ሓይሊ ምክልኻል ኤርትራ ዝተዓደጉ ምዃኖም ንመብዛሕቶም ብሰነዳት ንምርግጋጽ ኪኢሉ'ዩ።

ብርግጽ ካብዚ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዘቕረቦምን ዝተወከስናዮምን መረዳእታታት ወጻኢ ተሞኩሮታትናን ታሪኽን ተወኪስና ኣዝዮም ብዙሓት መርትየታት ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ምቕራብ ይከኣል'ዩ። ግን ከኣ ዛጊት ዓለም-ለኻዊ ማሕበረ-ሰብን ንሱ ዝመዘዞን ትካል ዘቕረብዎ መረዳእታታት እኹል ጌርና ብምውሳድ፡ ሓደ ሓቂ ካብ ተሞኩሮና ክንውሰኽ ንመርጽ። ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ኣብ መሳርዕ ኣልሸባብ ተሰሊፎም ኣብ ዓውደ ኲናት ሶማል ምስ ኢትዮጵያን ኬንያን ከም ዝተዋጉኡ፣ ዝቆሰሉ፣ ዝተማረኹን ዝሃደሙን ዘረጋግጹ ተወሳኺ ጭብጥታት ምቕራብ ይኽኣል'ዩ። ኮነሬል ተወልደ ሃብተ ነጋሽ "ሙሳ" ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ምስ 6 ርእሱ፣ ኮነረል ሓድሽ ኤፍሬም ድማ ንውልቁ ኣባላት ስግረ-ዶብ ሰለያ ኮይኖም፡ ኣብ ሶማል ወፊሮም ኣብ መሳርዕ ኣልሸባብ ዝተሰለፉን ድሕሪ ኲናት ሃዲሞም ንኬንያ ዝኣተዉን፤ መንግስቲ ኬንያ ዝጠረዞምን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል'ዩ።

እዚን ካልእ መረዳእታታትን ብጭብጢ ዝተታሕዞ ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ሰላምን ጸጥታን ብምዝራግ፡ ግብረ ሽበራዊ ንጥፈታት ብምውዳብ፣ ምምዋል፣ ምስልጣን፣ ምዕጣቕን ቀጥታዊ ኣተግባሪ ብምዃንን ብዘየወላውል መንገዲ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ዕርቓኑ ወጺኡ ሓቀኛ መንነቱ ክቓላዕ ኮይኑ'ዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ኢሳይያስን ደቂ-መዛሙርቱን ንብዓት ሓርገጽ እንተነብዑ'ውን ዝቅይሮ ነገር የብሉን። እቲ እከይ-ተግባሮም ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ኮይኑ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ዋጋ ኢዶም ክረኽቡ ግቡእ'ዩ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብሓፈሻ ናይዚ እከይ-ተግባር'ዚ ቀጥታዊ ግዳያት ዝኾኑ ሃገራት ኢጋድ ከኣ ብፍላይ ሰላሞም ከውሕሱ፣ ሃገራዊ ረብሕኦም ከረጋግጹ ኣንጻር'ዚ ብደምን ህውከትን ዝተጠመቐ ስርዓት ሓቢሮም ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ብኣህጉራዊ ሕግን ዳኝነትን ክብድህዎ ጀሚሮም ኣለዉ።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ዕላምኡ እንታይ'ዩ? ካብዚ ተግባር እንታይከ ይርባሕ? ዝብል ሕቶ ምልዓል ግቡእ'ዩ። ብጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህርያቱ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ንዝለዓሉ ሕቶታትን ተደጒሉ ንዘሎ ተቓውሞን ንምብርዓን፡ ውሽጣውን ግዳማዊ ጎንጽታት ብምውላዕ፡ ነቲ ቅልውላው ኣብ ምምሕዳርን ንሱ ዝፈጥረሉ ግዜን ኣብ ረብሕኡ

ንምውዓልን'ዩ። ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ኲናትን ወረ-ኲናትን ተሓቢኡ ንተቓውሞታት ንምጭፍላቕ፣ ደሞክራስያዊ ሕቶታት ህዝቢ ንምጉታም ምቹእ ኣጋጣሚታት ተጠቒሙ ዕድመ-ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝጥቀመሉ ሜላ'ዩ። እዚ ከኣ ካብ መሰረታዊ በሓቲ ባህርያቱን ሕላገቱን ዝብገስ ኮይኑ፡ ነዚ ሓቒ'ዚ ዘረጋግጸልና ሓደ ጥሉል መረዳኢታ ከነቅርብ። ኢሳይያስ በቲ መብጽዓን ጥልመትን ዝመለለይኡ ዘይተኸንሸበ ልሳኑ፡ ነቲ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝተበየኖ ማዕቐብ ብሓደ ሸነኽ እናቆናጸበ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲ ኣድላይነት ከምዘይብሉ ግዚኡ ዘይምዃኑን ብምሽሓጥ፡ ከመይ ናብ ረብሕኡ ከውዕሎ ከም ዝሓሰበ፡ ምስ'ቶም ንግላዊ ረብሓታቱ ዝተዋደዱ ማዕከናት ዜና ህግደፍ ኣብ መእተዊ ሓድሽ ዓመት 2012 ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ንመልከት።

> “ ….ኣዋጃት ኣይንፈቱን ኢና እምበር ብዙሓት ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሮም ስለ ምንታይ “ስተይት ኦቭ ኢመርጀንሲ” (ናይ ህጹጽ እዋን ድንጋገ) ዘይእወጅ ዝብሉ ኣለዉ፡ ንሕና ዘየድሊ ሻቕሎት ዘየድሊ ምግናን ምግዋሕ ዝህብ ዓይነት ቃና ወይ “ሙድ” ክንፈጥር ኣይንደልን ኢና። ኣብ ኲናት ከምዘለና ግን ኣጸቢቕና ንፈልጥ! ንሕና ስለ ዝመረጽናዮ ዘይኮነ፡ ብደገ ዝተኣወጀልና ኲናት'ዩ። ኲናት ከኣ ናቱ ሕግታት ኣለዎ። ኣብ እዋን ኲናት ከመይ ጌርካ ትሰርሕ፡ ከመይ ጌርካ ትውደብ፡ እንታይ ትገብር፡ ናቱ ሕግታት ኣለዎ። ንስኻ ትውስኖም ሕግታት ኣይኮኑን። ንስኻ ብሕርያኻ እተካይዶም ኣገባባት'ውን ኣይኮኑን። ንሕና ከኣ ፈቲናዮ ዘይኮነ፡ በቲ ሕግታት ኢና ንኸይድ። ገለ ገለ ዕማማት ነወንዝፎም ኣለዉ። ፈሊጥና ነወንዝፎም ዓማማት ድማ'ዮም። እቲ ኲናት ስለዘጋድዶ...እዚ ጉዳያት ምርጫታት'ዶ፡ ከምዚ'ዶ፡ እዚ'ዶ ዝበሃል….ንሕና ኣብ መኣዲ ናይ ዕላቓት ዓማ ወይ ፓብሊክ ሪለሽንስ ፡ ወይ ከኣ ኣብ መኣዲ ካልኦት ክንኣቱ፡ …ክንዛረበሉ'ውን ኣይደልን ኢና…ምርጫታትና ምስ ክዉን ኩነታትና'ዩ ዝኸይድ። እዚ ከኣ ናይዚ ዘለናዮ መድረኽ ናይ ኲናት ቀዳምነት ኣይኮነን። ……ኣካያይዳናን ዘለናዮ መድረኽን ኣረጋጊጽና ስለንፈልጥ፡ ንሃልኪ ወይ ንመኣዲ ናይ ዕላቓት ዓማ ክንብል ንኣትዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ናይዚ ዘለናዮ መድረኽ ቀዳምነታትና ተተሓሒዝናዮ ስለ ዘለና፡…..ኣነ ናብኡ ክኣቱ ኣይደልን'የ።….ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምቁጽጻይ ክንኣቱ እቲ ኩነታት'ውን ስለ ዘየፍቅዶ ...”

እዚ መደረ'ዚ ክሳብ ሕጂ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ በጺሑ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ በደላት፡ እቲ ማዕቐብ ዘምጽኦ መዘዝን ሳዕቤናቱን ግቡእ ሚዛን ብምሃብ ምምምዕራይ ክትገብር ኣብ ክንዲ ምፍታን፡ ነቲ ብይን ብምቁንጻብን ንፍትሓዊ ደሞክራሲያዊ ጠለባት ህዝቢ ኤርትራን ክቡር ዋጋ ዝተኸፍለሎም ብሉጻት ዕላማታት ሰውራናን ዝጻባእ፡ ንህላወን ቀጻልነት ህዝብን ሃገርን ዝህድድ፡ ህግደፋዊ ፍልስፍናዊ ጥፍኣት ጌና ክቅጽል ምዃኑ ብዘየማትእ ቋንቋ ዝተደርጉሐ ጸረ-ህዝቢ መግለጺ'ዩ። ስለዚ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝወለዖ፡ ሃገራውን ከባብያውን ቅልውላው፡ ስግረ-ዶብ ኲናትን ግብረ ሽበራዊ ተግባራትን ብልሒ-ኲናቱ ኣብ መዓሙቕ ንጹህ ሃገራዊ ልቢ ኤርትራ ዝተተኽለ መርዛም ኲናት ምዃኑ፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ረብሓታት ጅሆ ብምሓዝ ንህላዌ ቶታሊታርያዊ ስርዓቱ ዝተኸፍለን ንቅድሚት'ውን ዝኽፈልን በጃ ጌሩ'ዩ ገሊጽዎ ዘሎ። እዚ ከኣ ዓቢ ሃየንታ'ዩ!!!!

<u>ዕላማን ትሕዝቶን'ዚ ማዕቐብ</u>፡- ከምቲ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝተገለጸ ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ጀሚሩ ክሳብ ጎረባብቲ ሃገራትን ስግረ-ዶባትን እናተመጣጠረ ሰላምን ጸጥታን ንምዝራግ ዓጢቑ ምስ ተላዕለ፡ በዚ ባርዕ ሓዊ ዝተጨልበቡ፡ ዋጋ ዝኸፈሉን ሸነኻት ብሓፈሻ ሃገራት ኢጋድ ከኣ ብፍላይ ብሓባር ንምምካቱ ክዝትዩ ጀመሩ። መኸተኦም ብመሰረት ኣህጉራዊ ውዕላትን ሕግታትን ክኸውን ድማ ኣማራጺ ዘይብሉ ምዃኑ ብምእማን፡ መጀመሪያ ናብ ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ እማመ ማዕቐብ ኣቕረቡ። ሕብረት ኣፍሪቃ ነቲ ዝቐረበሉ ጉዳይ ብዕምቆት መርሚሩ ብሓባራዊ ድምጺ ኣብ ልዕሊ ቶታሊታሪያዊ ጉጅለ ኢሳይያስ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ማዕቐብ ክውሰነሉ እማመ ኣቕረበ።

ነዚ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ታሪኹ ንመጀመሪያ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኣባሉ ዝኾነት ሃገር ማዕቐብ ክውሰን ንዘቕረቦ እማመ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዝተጋብአ ኣኼብኡ፡ ብክልተ ድምጺ ተዓቕቦ /ሩስያን ቻይናን/ ብዝተረፉ 13 ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሙሉእ ደገፍ ረኺቡ ኣብ ልዕሊ ቶታሊታሪያዊ ጉጅለ ኢሳይያስ ማዕቐብ ክግበር ወሰኑ። እዚ ፈላምይ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘሕለፎ ውሳኔ ብቑጽሪ 1907 ዝፍለጥ ብይን ማዕቐብ ተወሰነ። ትሕዝቶ'ዚ ማዕቐብ'ዚ፡-

1. ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ሓፈሻውን ምሉእን እገዳ ኣጽዋር /ምሽማትን ሰደድን/ ክጸንዕ።
2. ንዕጡቓት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝገብሮ ገንዘባዊ ሓገዛት ደው ክብል፡
3. ኣብ ልዕሊ ነዚ ዕማም'ዚ ዝፍጽሙ ላዕለዎት ሓለፍቲ'ቲ ስርዓትን መሓውራት ስለያን ጉዕዞ ማዕቐብ ክጸንዕ። ብስሞም ዝንቀሳቐስ ገንዘብ ንምእጋድ ዝዓለመ ውሳኔ ከሕልፍ እንከሎ፡ ብተወሳኺ መንግስቲ ኤርትራ ብሓይሊ ካብ ዝሓዞ ልዕላዊ መሬት ጅቡቲ ብቁልጡፍ ክወጽእ'ውን ዝሓትት'ዩ ኔሩ። እዚ ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት

መንግስታት ኣተግባብርኡ ድሕሪ ምርኣይ ኣብ ዝተነጸረሉ ዝተወሰነ እዋን ዳግም ዝረኣየሉን ተወሳኺ ማዕቐብ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ንምትግባሩ ክፉት ከም ዝኾነ'ውን ወሲኑ።

ኮይኑ ግና በዚ መጠንቀቕታ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ክዕገስ ዘይኽኣለ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ "ኣመል ምስ መግነዝ" ከም ዝበሃል ብዝቐደመ ልጋም-ኣልቦ ተግባሩ ብምቕጻል፡ ጉድንድ መቓብሩ የዕሚቑ ክኸውት፡ ኣብ ዝወፈሮ ኩሉ ርጓጽ ኣሰሩ ክገድፍ ብምጅማሩ፡ ንተወሳኺ ማዕቐብን መቕጻዕትን ዓዲሙ። ነዚ ዝተገንዘበ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብሓፈሻ ኣባላት ኢጋድ ከኣ ብፍላይ ንስርዓት ኢሳይያስ ዝቑርጥጥ ንተወሳኺ እማመ ማዕቐብ ክግበር ከም ሓሳብ ተዳለወ። ብመሰረት ውሳኔ መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ ነዚ ዕማም'ዚ ዝተግብራ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾና ኣፍሪቃውያን ሃገራት ጋቦንን ናይጀሪያን ነዚ ዕዮ ወሲደን ዝተጸንዐ እማመ ንባይቶ ጸጥታ ኣቕረባ። ትሕዝቶ'ዚ ብ2011 ኣብ ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ቀሪቡ ዝተወሰነን ብ2023 ዝፍለጥ ውሳኔ:-

1. ኣቐዲሞም ብቑጽሪ ውሳኔ 1907 ዝተበየኑ ውሳኔታትን ማዕቐብን ክትግበሩ።
2. መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዲያስፖራ ኤርትራውያን ብኣስገዳድን ምፍርራሕን ዝእክቦ 2% ግብሪ ንምቁጽጻር ኩለን ኣባል ሃገራት ዕቱብ ምክትታል ክገብራ።
3. መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዕደና ብሓፈሻ ካብ ዕደና ወርቂ-ቢሻ ድማ ብፍላይ ንዝረኽቦ ኣታዊታት ኣብ ምምዋል ግብረ-ሽበራዊ ስርሓት ከየውዕሎ፡ ኩባንያታት ወጻኢ ምቁጽጻርን ምክትታልን ክገብራ።
4. ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ስለያዊ መሓውራቱን ዝተወሰነ ጉዕዞ እገዳን ብስሞም ንዝንቀሳቐስ ገንዘብ ንምድስካል ዝተበየነ ውሳኔን ንምትግባር፡ ተወሳኺ ዝርዝራዊ ሓበሬታታት ክቐርባን ኩለን ኣባል ሃገራት ንትግባሪኡ ክኸታተላን ወሲኑ።

ትሕዝቶ እዚ ማዕቐብ'ዚ ሓደ ብሓደ ከምዝራእናዮ፡ ኣዝዩ ዝተጸንዐን ናብቲ ቀንዲ ምንጭን ተሓታትን ናይቲ ቅልውላው ጥራይ ዘነጻጸረ'ዩ። በዚ ውሳኔ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ሃገራዊ ልዕላውነቱን ረብሓታቱን ብፍጹም ኣይተተንከፈን። ክትንከፍ'ውን ኣይኽእልን'ዩ። ንኣብነት ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኩባ ዘንበረቶ ውሳኔ ምስዚ ብምንጽጻር ክንርእዮ ጽቡቕ'ዩ። ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኩባ ብዘለዋ ፍሉይ ፖለቲካዊ ትዕዝብታት፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኩባ ማዕቐብ ንግድን ቁጠባን ምንባራ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብ ኣሜሪካ ዝቕመጡ ኣሜሪካ-ኩባውያን ኣብ ዓዶም ወፍሪ ከይገብሩን ናብ ቤተ-ሰቦም ዝልእኽዎ ገንዘብን'ውን ከይተረፈ ዓቐኑ ብምውሳን ንነዊሕ ዓመታት ተግባራዊ ክኸውን ጌሩ'ያ። ከም ሳዕቤን ናይዚ እቲ ማዕቐብ ዝተወሰነሉ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ጎናዊ ሳዕቤን ክህልዎ ኮይኑ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተበየነ ምዕቐብ ግን ብዓይነቱን ትሕዝቱኡን ካብ'ዚ ዝተፈለየ'ዩ። እቲ ስርዓት ግብረ-ሽበራዊ ስርሓት ዘፈጽመሉ ወተሃደራዊ፣ ቁጠባውን ሰብኣውን ዓቕሙ ንምልማስን ካብ ከምዚ ዓይነት ተግባራት ንምእርናብን ዝዓለመ፡ ኣዝዩ ዝተጸነዐ ክኸውን'ዩ ተደሊዩ። ካብዚ ወጻኢ ንሲቪላዊ መዓላ ዝውዕሉ ናውቲ ኤርትራ ከይትሽምትን ከይስደድን ማዕቐብ ኣይተገብረላን። ኤርትራውያን ዲያስፖራ ናብ ስድራ-ቤታቶም ገንዘብ ከይልእኹ፣ ኣብ ዓዶም ወፍሪ ከይገብሩ፣ ኣብ ቁጠባውን ንግዳውን ንጥፈታት ከይሳተፉ ማዕቐብ ንምንባር ኣይተደለየን። ምኽንያቱ ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ብሕታዊ ተሓታቲ ኢሳይያስን ስርዓቱን ጥራይ ብምዃኑ፡ ተነጺሉ ንሱን መሓውራት ጥፍኣቱን ጥራይ ክቕጽዑ ብመትከል ስለዝተኣምነሉ'ዩ።

እቲ ሓቂ'ዚ እናሃለወ ክንሱ፡ ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስን ደቂ-መዛሙርቱን ምስ ልዕላውነት ኤርትራ ብምትሕሓዝ "እዚ ማዕቐብ'ዚ ዳግማይ መግዛእታዊ ደገሲ ዝወለዶ ውዲት ኣሜሪካን ኢትዮጵያን'ዩ...." ብምባል ንብዓት ሓርገዝ ይነብዑ ኣለዉ። ካብዚ ሓሊፎም'ውን እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝተበየነ ማዕቐብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ሓራ-ፖለቲካዊ ውሳኔኡን ዝተፈጸመ ማዕቐብ'ዩ ብምባል እናነብሑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎኖም ተሰሊፉ መኸትኡ ከካይድ ይጽውዑ ምህላዎም ዝፍለጥ'ዩ። እዚ'ውን መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲሙ ኢሳይያስ ክጻወቶ ዝጸነሐ ፖለቲካዊ ምንዝርና'ዩ። ሎሚ'ውን ነቲ ዝለመዶ "ልዕላውነት"ን ኣብ "ህጹጽ እዋን ድንጋገ /መድረኽ ኲናት/" ኢና ዘሎና ዝብል ብሉይ በዓቲ-ኢሳይያስ ካብ ምድጋም ሓሊፉ ካልእ ሓድሽ ቃናን ትርጉምን ዘይብሉ፡ ቀደም ዝሞተን ህዝቢ ኤርትራ ዝነቕሓሉን ኣጉል ውዲት'ዩ።

ብርግጽ ከኣ ንልዕላውነት ህዝቢ ኤርትራን ሓራ-ፖለቲካዊ ውሳኔኡን ሃገራዊ ረብሕኡን ብዋጋ ስልጣኑ ዝተቛመረሉ፡ ዕድመ-ልክዕ ማዕቐብ ዝበየነ ኣካል ምስ ዝህሉ፡ ባዕሉ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ጥራይ'ዩ። ስለዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር እቲ ን20 ዓመታት ብኢሳይያስን መጋበርያታቱን ኣብ ልዕሊኡ ዝተበየነ ኩሉ መዳያዊ ማዕቐብ ዝቓለስ ደኣንበር፡ ነቲ ብውጽኢት ጸረ ሰላምን ምርግጋእን መንነቱ ዝፈጠሮ ካብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝባን እቲ ስርዓት ዝወርድ ዘሎ ማዕቐብ ክምክት ኣይግደድን'ዩ። ምክንያቱ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኩሎም ጎረባብቱ ወይ መላእ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝኾነ ይኹን ጽልኢ ስለ ዘይብሉ ደድሕሪ ህግደፍ ዝፈጠሮ ዕለታዊ ቅንርሕንታት ክለዓልን ክምክትን ቅንጣብ ሃገራዊ ረብሓታት የብሉን። ነቲ ብህግደፍ ተራ ኣድማሳዊ ክብሩን መሰሉን ሓርነታቱን ከም ዝተመንዘዐ ኣዓርዩ ዝፈልጥ ህዝቢ ብስም ልዕላውነቱን ሓራ ፖሎቲካዊ ውሳኔታቱን ምሽሓጥ ግዚኡ ዝሓለፈ ፋሽን'ዩ።

<u>መደምደምታ</u>፡- እዚ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር እናረኣናዮ ዝመጻና ንጹር መረዳእታታት፡ ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተበየነ ማዕቐብ፡ ርትዓውን ፍትሓውን ዋጋ ናይ'ቲ ልሉይ ዕንደርኡን እከይ ተግባራቱን'ዩ። እዚ ማዕቐብ'ዚ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ረብሓታትን ልዕላውነት ህዝቢ ኤርትራን ዝተበየነ ዘይኮነስ፡ ነቲ ተሓታቲ ኣካል ነጺሉ ዝቐጽዕ ውሳኔ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተበየነ መቕጻዕቲ፡ ነቶም ብዕትብቱ ዝዕንገሉ ደቂ መዛሙርቱ ክሕሞምን ከቀንዝዎምን ባህርያዊ ጉዳይ'ዩ። መላእ ህዝቢ ኤርትራን ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝኾኑ ሓይልታቱን ግን ብሓሳብን ግብርን ምስዚ ስርዓት'ዚ ሓደ ክሳብ ዘይኮኑ፡ ኣብ ዘየሳሕዮም ክሓኹ፡ ኣብ ዘይቁስሎም ክቕንዘዉ ዝኾኑሉ ምኽንያት የብሎምን። ምስ ረብሓታትን ድሌታትን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ነጻነት ጀሚሩ ብምጽራር፡ ናብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ ዝገበረ፡ ብቀንዱ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ጥራይ'ዩ። ስለዝኾነ ተሓታቲ ስርዓት ኢሳይያስ ብምዃኑ፡ ካብዚ ዝዓቢ ደመኛ ጸላኢ ኣይህሉን'ዩ።

ባይቶ-ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስን ስለያዊ መሓውራቱን ዝበየኖ ማዕቐብ፡ ኣብ ስግረ-ዶብ ግብረ-ሽበራዊ ስራሕ ንምፍጻም ዝጥቐመሉ መሓውራቱ ዝሸምርርን ንዓቕምታቱ ዘልምስን'ዩ። እዚ ኣብ ቦትኡ እንከሎ እቲ ንዕድመ መዋእሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን መሰረታዊ ዕላማታት ሰውራናን ዘዕረፎ እገዳታትን ናይ ምዕፋን ውሽጣዊ ተኽእሎታቱን ዘጓድል ከም ዝኸውን ምግማት ዝከኣል'ዩ። ነዚ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዘሕለፎ ማዕቐብ ከም ሓደ ዓለምለኻዊ ኣጋጣሚ ብምውሳድ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍን ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምውሓስን ብዘገልግል ዉሁድ-ቅኒት ሓይልታት ደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ትግባርኡ ኣወንታውን ደረኽን ተራ ብምፍጻም ክንቓለስ እንተበቒዕና፡ ዓቕምታትና ንምክዕባትን ኣብ ጉዕዞና ዓቢ-ዝላ ንምምዝጋብን ዝሕግዘና ወርቃዊ ዕድል'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ንትግባረ እዚ ማዕቐብ'ዚ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጥን ምእንቲ ሃገራዊ ረብሓታቶም፤ መጻኢ ዕድልን ድሕነቶምን ንምውሓስ፡ ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፎም ክቓለሱ ይግባእ። ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/ ኣብ መስርዕ'ዚ ታሪኻዊ መድረኽ'ዚ ተሰሊፉ ግቡኡ ንምፍጻም በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድልውነቱ ከረጋግጽ ይፈቱ።

**ዓምዲ መንእሰያት**

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ወሳኒ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ንምዕዛዝ ዝሕግዙ፡ ንቅሓት ኣብ ምኩስኳስ ልሉይ ግደ ዝጻወቱ፡ ህልው ወጽዓታት ብምርኣይ ናብ መሰረታዊ ፍታሕ ዘማዕድዉ፡ መንእሰይ ኤርትራ ትማሊ፡ ሎምን ጽባሕን ኣብ መስርሕ ለውጢ ዘለዎ ባህርያዊ ቦታ ብዕግበት ብምቅባል፡ ንኣወንታታቱ ንምኩላዕ ንኸመታቱ ብሃናጺ ኣቀረርባ ንምእራም ዝጽዕቱ፡ ሃገራውያን ብርዕታት ዘሕልፍዎ መልእኽቲ ዝቀርቡሉ ዓምዲ'ዩ። እዚ ዓምዲ'ዚ ብቀንዱ ካብ መንእሰይ ንመንእሰያት ዝሓልፍ መልእኽቲ ቅድምያ ዝህብን፡ ንመንእሰያት ናይ ቃልሲ መድረኽ ኮይኑ ከገልግል ዝተሓዘአ ዓምዲ'ዩ።

## ሃንቀውታ መንእሰይ ኤርትራን ክውንነቱን

ህዝቢ ኤርትራ ምስቲ ዝተፈላለየ ብዙሕነቱን ክውንነቱን ኣብ ሓደ ስሙር ሃገራዊ ጭርሖ ዓሲሉ ነጻነቱ ብድሕሪ ምጭባጥ፡ ምሉእ ክብሪ መሰላቱን ሓርነቱን ንምውሓስ፡ ኩሉ እንተናዊ መሪር ቃልስታት ምክያዱን ከቢድ መስዋእትነት ምኽፋሉን ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። ብፍላይ ከኣ መንእሰይ ኤርትራ ነዚ ረዚን ሃገራዊ ዕላማ'ዚ ኣብ መዛዘሚ ሽቶኡ ንምብጻሕ ዝተሓላለኸ ብድሆታት ሰጊሩ ብክቡር ደሙን ኣዕጽምቱን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ወርቓዊ ታሪኽ ምምዝጋቡ ዘይሰሓት'ዩ። ኤርትራ ካብ ሕሱም ባዕዳዊ ኣደራዕን መግዛእትን ተናጊፋ፡ ከም ሃገር ልዕላውነታ ብምርግጋጽ፡ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ብድሕሪ ምርካባ'ውን ነዚ ወርቓዊ ታሪኽ'ዚ ኣብ ልምዓትን ቁጠባዊ ምዕባሌን ንምድጋሙ፡ መንእሰይ ብርቱዕ ሃንቀውታን ድልውነትን ከም ዝነበሮ ብግብሪ ኣረጋጊጹ'ዩ። ኣብ ነጻ ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ውሕስነት ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ግስጋሴ ንምርግጋጽ፡ ኣብቲ መባእታዊ ናይ ነጻነት ዓመታት ብልዑል ፍናንን ወነን ተላዒሉ ምንባሩ'ውን ዝፍለጥ'ዩ። ብርግጽ'ውን ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ተኣወጀሉ ግዜ ከም ቅኑዕ ሃገራውን ህዝባውን ልምዓታዊ ፖሊሲ ብምውሳድ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ብዘንጸባረቐ ብጣዕሚ ሓያል ሃገራዊ መንፈሱን ግብራዊ ድልውነቱን ኣመስኪሩ'ዩ።

ይኹን ደኣምበር ሕማቕ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ እቲ ብኢደ ወነኑ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝተወጠሐን ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ንቃልስታት ህዝቢ ኤርትራን ሕድሪ ሰውኣቱን ጠሊሙ ክቕጽል ዝመረጸን ገባቲ ጉጀለ ህግደፍ፡ ነቲ ታሪኽ ኣያታቱ ክደግም ዝተበገሰ ፍናን ሓቦን መንእሰይ ኣበርዒንዎ'ዩ። ብቀጥታ ብድሕሪ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምብራር ብቀጥታ

ጉባኤ ሃገራዊ ስኒት ብምጽዋዕ፡ ንመላእ ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዘሳትፍ ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ከይምሰርት ብኣግኡ ምሕንጋዱ ዝፍለጥ'ዩ። ብውጽኢቱ ከኣ ኣብ ኤርትራ ውሕስነት ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ክረጋገጽ ብዘይምኽኣሉ፡ እቲ ንምዕባሌን ብልጽግናን ሃገርና ምቹእ ኩነታት ክፈጥር ዝኽእል ዝነበረ ኣገዳሲ ረቛሒታት ሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ከረጋግጽ ኣይኽኣለን። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ኩሉ መዳያዊ ትጽቢታትን ሕልምታትን ህዝብና ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ድማ ብፍላይ በኒኑ ክተርፍ ኮይኑ'ዩ። እቲ ብናህሪ ተበጊሱ ዝነበረ ብርቱዕ ሃገራዊ መንፈስን ድልውነትን መንእሰይ ብምድኻም ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ማእለያ ዘይብሉ ጸረ ህዝቢ ፖሊሲታቱ ኣንበርኺኩ ንኩሉ መዳያዊ ጸጋታቱ መዝሚዙ ኣብ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታቱ ንምውዓል ብርቱዕ ጻዕርታት ኣካይዱ'ዩ።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዕድመ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ንምሕላውን ምንዋሕን ክብል፡ ብውልቂ ይኹን ብማሕበር ተወዲቡ ብቀንዱ ንኣድማሳዊ መሰሉን ሓርነቱን ክጣበቕ ዝኽእል፡ ልዕሊኡ'ውን ንደሞክራስያዊ ዕብየትን ብልጽግናን ሃገሩ ንጹር ራእይ ወኒኑ ንጡፍ ዝኾነ ኣስተዋጽእኡ ዘበርክት መንእሰይ ኤርትራ ክህነጽ ፍጹም ሰናይ ድሌት ኣይነበሮን። ካብዚ እምነት'ዚ ብምብጋስ ከኣ፡ ንመንእሰይ ኤርትራ ኩሉ እንተናዊ መንፈሱን ጸጋታቱን ኣብ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታቱ ንምውዓል ዝተኸተሎ ኣዕናዊ ስትራተጅን ስልትን ክንጥምት ከለና ብጣዕሚ ሓደገኛ ምንባሩ ምግንዛብ ይኽኣል። ንመንእሰይ ኤርትራ በቲ ንሱ ዝደልዮ ኣዕናዊ ወተሃደራዊ ራእይን ቅዲ ኵናትን ብምቕራጽ ኩሉ መዳያዊ ኣተሓሳስብኡን ጸጋታቱን ንምምዝማዝ ብስም "ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት" ብግብሪ ግን ኣዋጅ ሃገራዊ ዕንወት ክእውጅ ግዜ ኣይወሰደሉን። ነዚ እከይ ስትራተጂ'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ ኩሉ ዕድሚኡ 18 ዝኣኸለን ብገለ ኣጋጣሚ'ውን ኣካላዊ ብቕዓቱ ዝበጽሐን መንእሰይ ብግዴታ ናብ ወተሃደራዊ መደበር ታዕሊም ሳዋ ክወርድን ኣብ ትሕቲ ሓደ ቀጽሪ ከምጅሆ ንምሓዙን ተቐዳደመ። ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ ወከፍ መንእሰይ ድማ ሕሉፍ ወይ ጸቢብ ሃገራውነት (Chauvinistic Ideology) ብምስራጽ፡ ንመላእ ፖሊስታቱ ምእዙዝ ዝኾነሉ ኩነታት ንምፍጣር፡ ብክንድ'ቲ ዓቕምታቱ ዘፍቕዶ ተረባረበ። ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ስትራተጂካዊት ሃገር ብምኳና ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት እንተላይ ሓያላት ሃገራት ዓለም ብፍሉይ ቆላሕታ ከም ዝጥምትዋ ኣጋኒኑ እናቕረበ፡ ኣተሓሳስባ መንእሰይ ኣብ ባዶ ስምዒት (zero Emption) ክህነጽ፡ ብከቢድ መንፈስ ከበባ ተዋሒጡ ኣብ ዝኾነ እዋን ንኲናት ድልውነቱ ዘረጋግጸ ክኸውን ጻዕርታቱ ብናህሪ ቀጸለ።

እዚ ስርዓት'ዚ በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን መንእሰይን ዘብጽሖ መወዳድርቲ ዘይብሉ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ወጽዓታት ጥራይ ክዕገስ ዝኽእል ኣይነበረን። ጎብለል ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምኳን ዝነበረ ኣጉል ሕልምታቱ ንምርዋይ፡ ንመንእሰይ ኤርትራ ከም ቀንዲ ፖሎቲካዊ መሳርሒ ዕዮኡ ክጥቐመሉ'ውን ብርቱዕ ጻዕርታት ኣካየዱ'ዩ። ነዚ ኣጉል ሕልምታቱ'ዚ ግብራዊ ንምግባር ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራትን ኣህዛብን ኣዝዩ ኪበድ ዝኾነ ድሑር ጽልእታትን ቅርሕንትታትን ብምዝራእ፡ ብዶብ እናመሳመሰ በብእብረ ኣዕናዊ ኲናት እናባርዐ ሂወት ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር መንእሰይ ክቕጠፍን ክስንክልን ገይሩ'ዩ። ከምኡ'ውን ሰላምን ምርግጋእን ቀርኒ ኣፍሪቓ ንምዝራግ፡ መንእሰይ ኣብ ዘይምልከቶ ስግረ-ዶብ ኲናትን ግብረ-ሽበራዊ ተግባራትን ክዋፈር ምድፍፋኡ ፍጹም ዝሽሓድ ክውንነት ኣይኮነን። መንእሰይ ኤርትራ ብጀካ'ቲ ብዶባዊ ግጭት ተመሳሚሱ ምስ ሱዳን፡ የመን፡ ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ዝተባርዐ ኲናት፡ ኣብ ውግእ ደቡብ ሱዳን፡ ኮንጎ፡ ሶማል፡ ሊብያ..........ወዘተ ክሳተፍን ከቢድ ዋጋ ክኸፍልን ምግዳዱ ብርክት ዝበሉ ምንጭታት የረድኡ።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ነዚ መርዛም ስትራተጂ'ዚ ንምዕዋት ከም ቀንዲ መሳርሒ ዕዮ ዝተጠቐመሉ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻሩ ጥራይ ዝርኸብን ንወጽዓታት ህዝቢ ኤርትራ ይኹን መንእሰይ ቅንጣብ ክብል ዘይፍቐደሉን ትካላት ዜናን ፕሮፖጋንዳን'ዩ። እዚ ትካላት'ዚ ሓደ ካብቲ ንመንእሰይ ኤርትራ ንምድንጋርን ንጹህ ኣተሓሳስብኡ ንምስራቕን ከም ቀንዲ መሳርሒ እከይ ተግባራቱ ዝግልገለሉ ምኳኑ ንምርዳእ ብዙሕ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ትምክሕታዊ ክልሳ-ሓሳብ ህግደፍ ንምስራጽን ኣብ ተግባር ንምውዓልን ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ከባቢኡ ካብ ዝርከቡ ኣህዛብ ጸብለልትነት ዘለዎን ብተፈጥርኡ ፍሉይ ፍጥረት ምኳኑን ኣጉል ፍልስፍና ክምህር ዝውዕልን ዝሓድርን'ዩ። ኤርትራ ይትረፍ ኣብ ኣፍሪቓ ብዓለም ደረጃ'ውን መወዳድርቲ ዘይብላ ሰላምን ራህዋን ዝዓሰላ ፍትሕን ማዕርነትን ዝነገሳ ክሳብ ብገነት ትግለጽ ሃገር ምኳና'ውን ይሰብኽ። መንእሰይ ኤርትራ በቲ ዕለታዊ ዝወርዶ ማእለያ ዘይብሉ ፖሎቲካዊ ጭቆናታት ይኹን ወጽዓታት ኣማሪሩ ተቓውምኡ ገንፊሉ ከይወጽእን ብዘይጭበጥ ተስፋታት ተደዓዒሱ ክነብርን ካብ ግዜ ናብ ግዜ መዓት ዘይተኣደነ መብጽዓታት ይፍኑ። ካብ ካልኦት ይሓይሽ ብምባል ነብሱ ንምጽንናዕ ከኣ ዜናዊ ትካላት ጉጅለ ህግደፍ ቀንዲ ዓምድታቱ ኣብ ገለ ሃገራትን ኣህዛብን ዝርኣዩ ኣውንታዊ ምዕባሌታት ብምሕባእ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ንዝኸሰቱ ኣሉታዊ ተረኽቦታት ኣጋኒኑ ምቕራብ ካብቲ ልሙድ ሜላታቱ ምኳኑ ብንጹር የመላኽት።

ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ውጽዓታት መንእሰይ ካብቲ ኣብ ፖሎቲካዊ መዳይ ዝርአ ጭቆናታት ተፈልዩ ክርአ ዝኽእል ኣይኮነን። ምክንያቱ ከኣ ኣብ ኤርትራ እቲ መሪሕ ፖሎቲካዊ መዳይ ንኩሉ መሰላትን ሓርነታትን መንእሰይ ጨፍሊቑ ብስርዓት ህግደፍ ዝተገበተ ክሳብ ዝኾነ፡ ናቱ መንጸብረቕታ ገባቲ ስርዓተ ቁጠባ ከስፋሕፍሕ ግድን'ዩ ዝኸውን። ፖሎቲካዊ መሰል ዘይብሉ መንእሰይ ቁጠባዊ ሓርነት ክህልዎ ኢልካ ምሕሳብ ዝኽኣል ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ኩሉ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ናይዚ ጉጅለ'ዚ ገዚፍ መንግስታዊ ርእሰ-ማል ንምዕባይን ቆፎ እንኮ ሰልፊ ህግደፍ ንምምላእን ተዋዲዱ ዝተቐረጸ ደኣንበር፡ ንረብሓታትን ምዕባሌን ህዝቢ ወይ መንእሰይ ኣብ ግምት ዘእቱ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብጀካ'ቲ ጸቢብ ፖሎቲካዊ ረብሓታቱ፡ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ'ውን እንተኾነ ሓደ ካብቲ ንቆፎ ህግደፍ ንምምክዕባት ጉልበት መንእሰይ ብነጻ ንምምዝምዝ ዝተማህዘ ስትራተጂ ምዃኑ ካብ ዕለት ንዕለት ብግብሪ እናተጋህደ መጺኡ'ዩ። ብጀካ'ዚ ኩሉ ምንጭታት፡ ሃብቲ፡ ዕዳጋታትን ንግድታትን ኤርትራ በቲ ሰልፍን ውሑዳት መጋበርያታቱን ዝተገበተ ብምዃኑ መንእሰይ ምስቲ ዝኾነ ግብርን ቀረጽን ዘይኽፍል ርእሰ-ማል ህግደፍ ክወዳደረሉ ዝኽእል ዕድል ፍጹም ዕጽው'ዩ።

ኮታ ኩሉ ኣፍራዪ ሓይሊ መንእሰይ ኤርትራ እቲ ንዓመትን ሽድሽተ ወርሕን ተባሂሉ ብዕሊ ዝተኣወጀ መደናገሪ ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ መወዳእታ ዘይብሉ ወፍሪ ዋርሳይ ይኽኣሎ ተሰጊጊሩ፡ ንነብሱ ይኹን ሂወት ስድራ ቤቱ ክመርሓሉን ክልውጠሉን ናብ ዘይኽእል ቁጠባዊ ቅልውላው ተሸኺሉ ጉልበቱ ብነጻ ካብ ዝምጸ ኣይወሓደን። እቲ ካብኡ ዝኸፍአ ግን ምሉእ መንፈሱን ሂወቱን ኣብ ዘበነ-ጊላነት ምስ ዝነበረ ባርነት ዝመሳሰል ናይ መበል 21 ክፍለ-ዘመን ሓድጊ ጊላዊ-ስርዓት ክሳብ ዝመስል፡ ዝተፈላለዩ ሰበ-ስልጣን መንግስትን መጋበርያታቶምን ቁጠባዊ ዓቕምታቶም ንምዕባይ ዝውንንዎ ትካላት ንግዲ ክሳሲ፡ ግራውቲ ክዓጽድ፡ ጀ'ራዲን ከስትን ጡጥ ክኣርን ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ። ስለዝኾነ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ኩሉ ፖሎቲካዊ መሰላቱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምሉኡ ቁጠባዊ ሓርነቱን መጻኢ ዕድሉን ኣብ ዝተገፈፈሉ ክውንነት'ዩ ዝርኸብ ዘሎ። ተመሊሱ በቲ ብረሃጹን ነጻ ጉልበቱን ዘካዕበቶ መንግስታዊ ርእሰ-ማል ህግደፍ እናተገርፈ ከኣ ንከቢድ ድኽነትን ኣደራዕን ተጋሊጹ ክነብረሉ ኣብ ዘይኽእል ዓዘቕቲ ምውዳቑ ምስክር ዘድልዮ ጉዳይ ክኸውን ኣይኽእልን።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ዘለዎ ፖሊሲ ትምህርቲ ክኽተልን ንመንእሰይ ሳይንሳዊ ፍልጠትን ተክኖሎጅን ዘቕስም ትካላት ምርምር ከይዕምብባ ንኣካዳሚያዊ-ነጻነት ብምጽራር ዝልለ ስርዓት'ዩ። ብኣንጻሩ ምስ ባህግታትን ድሌታትን መንእሰይ ብምርጻም፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ጽላት'ዚ ፍሉይ ቆላሕታ ሂቡ ብስግኣት ክቆጻጸሮን ከቢድ ተጽዕኖ ክዕረፈሉን'ዩ ተራእዩ። ምክንያቱ ከኣ ኣብ ኤርትራ ምስ ሳይንሳዊ ፍልጠትን ተክኖሎጅን ተላለዩ ምስ ሕ/ሰብ ዝሕወስ መንእሰይ ምፍራይ ንፖሎቲካዊ ስልጣኑ ዓቢ ሓደጋ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ንኩሉ ምዕባሌታት ንምዕጋትን ንድሕሪት ንምምላስን ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሓሉ ግድን ኮይኑ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝተኽተሎ ፖሊሲ ከኣ ካብቶም ንኤርትራ በብእብረ ዝገዝእዋ ባዕዳዊ መግዛእትታት ብመልክዕ እንተዘይኮይኑ ብትሕዝቶ ፍልልይ ዘለዎ ኣይኮነን። እኳ ደኣስ እቶም ባዕዳዊ መግዛእትታት ዘይገበርዎን ካብ ብደቂ-ሃገር ዝፍለጡ መራሕቲ ዘይትጽበዮን ነታ እንኮ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ዝነበራ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ብምዕጻው፡ ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ንዘይብላ፡ ኣብዛ ንነብረላ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ብወተሃደራዊ ሓለፍቲ ትመሓደር፡ ኮሌጅ ማይ-ነፍሒ ክኸፍት ኣይሓፈረን። እዚ ንባዕሉ ስርዓት ህግደፍ ካብ ትምህርቲ ንላዕሊ ክሳብ ክንደይ ንወተሃደራዊ ኣተሓሳስባን ቅዲ ኩናትን ቆላሕታ ብምሃብ፡ ምዕባሌ ሕ/ሰብ ኤርትራ ንድሕሪ ንምምላስን ንምዕጋትን ዝህቕን ተርእዮ ምዃኑ፡ ብተነጸረ መንገዲ ዘመላክት'ዩ።

እዚ ስርዓት'ዚ ትምህርቲ ምስ ወተሃደራዊ መደበር ታዕሊም ሳዋን ማይ ነፍሕን ክተኣሳሰር ምግባሩ፡ ኣብ መንእሰይ ከቢድ ስነ ኣእምራዊ ጸቕጢ ክፈጥርን መጻኢ ዕድሉ ክጽልምትን ጌይሩ'ዩ። እዚ ፖሊሲ'ዚ ምስ ድሌታታትን ትጽቢታትን መንእሰይ ዘይቋዶን ኣብ ሳዋ ዝተረፈ ተመሃራይ ብሓይሊ ተጎሲዩ፡ መወዳእታ ዕጭኡ ወተሃደራዊ ዕስክርና ምዃኑ ኣቐዲሙ ስለዝፈልጥ ናይ ትምህርቲ ባህግታቱ እናቐነሰ ዝመጽሉ ኩነታት ተፈጢሩ ምህላዉ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት'ዩ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ክሰጋገር ዕድል ዝረኸበ ተመሃራይ'ውን ትምህርቱ ወዲኡ መብዛሕቱ ምስክር ወረቀቱ ዝንፈገሉ፡ እንተተዋህበ'ውን ኩሉ ነገር በቲ ስርዓት ዝደልዮን ዝርብሓሉን ደኣምበር፡ ብድሌትን ሞያን ናይቲ ተመሃራይ ዕድል ስራሕ ዝረኽብ ኣይኮነን። ንላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክቕጽል ዝሓስብ ተመሃራይ ከም ዘይንቡር ኣተሓሳስባ ተቖጺሩ ኣብ ምንእኣሱን ምቅላሉን ይዋፈሩ። ከይሓፈሩ'ውን ገለ ሰበ ስልጣን ናይቲ ስርዓት ጸረ ድኽነትን ጥምየትን ክመስሉ "ኤርትራ ባኒ ደኣምበር ምሁር ኣየድልያን'ዩ" ብምባል ከባጭዉ ይስምዑ። እዚ ኩሉ እከይ ተግባራት'ዚ ንሞራልን ዓቕምን መንእሰይ ብምድኻም ኣብ ዝኸዶ ኩርንዓት ዓለም ተወዳድርነትን ርእሰ-ምትእምማንን ስኢኑ ኣብ ትሑት ደረጃ ተንበርኺኩ ክነብር ገይርዎ'ዩ።

ማሕበራዊ መዳይ መንእሰይ ኤርትራ ዓሚቕ ተንተን ዘድልዮ ጉዳይ'ኳ እንተኾነ፡ በቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊኡ ዝወርዱ ፍሩያት ግፍዕታት ብምትኳር ምሕላፉ'ውን ነቲ ጉዳይ ዘነኣእስ ኣይኸውንን'ዩ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብዶባዊ ግጭት

ተመሳሚሱ ብተደጋጋሚ ዝተባርዐ ኲናትን ስገረ-ዶብ ውግኣትን ሂወቱ ዝሰኣነ መንእሰይ ኤርትራ እቲ ንቡር ቀብሪ ስነ-ስርዓት ዝረኸበ ኣይኮነን። ገሊኡ'ውን ካብ ኲናት ሃዲምካ ተባሂሉ ኣብ ዝተፈላለየ ሓይልታትን ክፍለ ሰራዊትን ብዘይ ዝኾነ ሕጋዊ መንገድን ፍርድን ብወተሃደራዊ ሓለፍቲ ንሞት ዝፍረድ መንእሰይ ቁጽሩ ውሑድ ኣይኮነን። እቲ ኣጋጣሚ ኮይኑ ካብዚ ኩሉ መዓት'ዚ ብሂወቱ ዝተረፈ መንእሰይ ከኣ ብኲናትን ወረ ኲናትን ተፈጥሮኣዊ ሕጊ ንምምላእ እፎይታ ረኺቡ ምስ ስድራ ቤቱን ኣዕርክቱን መተዓብይቱን ተሓቛቒፉ ክነብር፡ ክሕጽ፡ ክምርዖ፡ ክሕጸን ወይ ክወልድን ክዛምድን ብፍጹም ኣይኽኣለን ዘሎ። ስለዚ ካብ መላእ ስድራ ቤቱ ተነጺሉ ኩሉ ሂወቱ ምስ ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ምፍንቃል እምንን ጥራይ ተኣሳሲሩ ኣብ ኀዳጉዲ ክነብር ተገዲዱ ኣሎ።

እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ጨካን ኣተሓሕዛ'ዚ ንመንእሰይ ኤርትራ ልቡ ኣሰንቢሩ ዓቢ ኣሉታዊ ተጽዕኖን (Negetive Impact) ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጥን (Depression) ፈጢርሉ'ዩ። ካብዚ ዝነቐለ ብርክት ዝበለ መንእሰይ ናብ ዝተፈላለየ ኣደንዝዝቲ ወልፍታት ከምዝቓላዕ ኮይኑ'ዩ። ኣብ በበይኑ ኣጋጣሚታት'ውን ነብሰ-ቅትለት (Suicide) ዝፍጽም መንእሰይ ቁጽሩ ውሑድ ኣይኮነን። ብካልእ ሸነኽ'ውን ምትእስሳር መንእሰይ መታን ከይድልድ ኣብ መንጎኡ ብዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ኣውራጃ……ወዘተ ዝፈጥሮ ፍልልይ ኣብ ውሽጡ ሕድሕድ ምትእምማን ስኢኑ እናተጠራጠረ ይነብር ኣሎ። ነዚ ክፋእ'ዚ ኣንቢቡ ምረቱ ኣብ ጥርዚ ዝበጽሐ መንእሰይ ተቓውሞኡ ብግልጺ ከስምዓሉ ኣብ ዝፍትን እዋን፡ ብማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ተባሂሉ ዝስመ እሙን መጋበርያ ናይቲ ስርዓት ንብርቱዕ ራዕድን ፍርሕን ይጋለጽ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ይጭወ፡ ይስወር፡ ይሳቐን ኣብ ፈቆዶ ኮንተነይራት ይእሰርን ይርሸንን።

በዚ ኩሉ መወዳድርቲ ዘይብሉ ጭቆናን ግፍዕታትን ኣይጸዓድን ብምባል ካብዚ ገባቲ ስርዓት'ዚ ንምምላጥ በብዝጥዕሞ ኣንፈት ክቡር ዋጋ እናኸፈለ ካብ ሃገሩ ናብ ሰደት ዝውሕዝ መንእሰይ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ቁጽሩ እናዛየደ ይኸይድ ኣሎ። ካብቲ ዝተሰደደሉ ሃገር ትምህርቲ ንምርካብን ሰሪሑ ሂወቱን መነባብሮ ስድራ ቤቱን ንምምሕያሽ ብሕጋውን ዘይሕጋውን መንገዲ ኣብ ሳልሳይ ሃገር ንምስግጋር ጉዕዝኡ ኣብ ዝቕጽለሉ ግዜ ድማ ንዝተፈላለየ ሓደጋታት ሞትን ስቓይን ይቓላዕ ምህላዉ ኩሉና እንሰምዖን እንርእዮን ዘለና መሪር ክውንነት'ዩ። መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ጉዕዞ ስደት ዘጋጥሞ ዘሎ ሓደጋታት መጭወይትን ሞትን፡ እቲ ብቀደመ-ግንባር ዝሕተት፡ ሕጂውን ገባቲ ስርዓት ህግደፍን ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሰበ-ስልጣናቱን ምኻኖም ከኣ እቲ ሕሰም ብዝያዳ ክመርር ይገብሮ ምህላውዩ። ስርዓት ህግደፍን ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሰበ-ስልጣናቱን፡ ብሓደ ሸነኽ መንእሰይ ኤርትራ ብዝወርዶ ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናታት ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ክስደድ ቀዳሞት ተሓተቲ ምኻኖም'ዩ።

በቲ ካልእ ወገን ከኣ ነቲ ንስደት ዘንቀደ መንእሰይ ኤርትራ ንክስደድ ኩነታት ካብ ምጥዕዓም ጀሚሮም ክሳብ ምስግጋር ስግረ-ዶብ ልዕሊኡ'ውን ብምጭዋይን ካብ ሂወቱ ገለ ኣካላቱ ኣብ ምሻጥ ገበናዊ ስራሕ ቀጥታዊ ተቓደስቲ ብምኻን፡ ሰፊሕ ሰንሰለታዊ መርበብ ብምፍጣር ዘወሃህዱ፤ ዝመርሑን ዘዋፍሩን፡ ባዕሎም ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሰበ-ስልጣናት ህግደፍ ብምኻኖም እቲ ገበናት ድርብ-ቃንዛ ክኸውን ይግበሮ። እዚ ኩሉ እናኸፈለ ኣጋጣሚ ኮይኑ ካብ ሞት ተሪፉ ኣብ ሳልሳይ ሃገር ክሰጋገር ዕድል ዝረኸበ መንእሰይ ኣብ ቅልውላው ዝኾነ ሂወት ክነብር'ዩ ዝግደድ። ምኽንያቱ ስርዓት ህግደፍ ብኩሉ መዳዩ ኣዳኺሙ ክስሰድ ስለ ዘገደዶ ምስቲ ኣብኡ ዝጸንሐ ምዕቡል ሕ/ሰብ ብቀሊሉ ክወዳደረሉ ዝኽእል ትምህርትን ሞያን የብሉን። ሰበ-ስልጣን ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብውሕዱ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ምድረ በዳታትን ባሕርታትን ሂወቱ ዝሓልፍ መንእሰይ ኤርትራ ሓደ መዓልቲ ዜናን መግለጺ ሓዘንን ዝህቡሉ ውድዕነት'ውን ኣይህሉን'ዩ። ብኣንጻሩ ነቲ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ኤርትራ ዘብጽሕዎ ኩሉ-መዳያዊ ግፍዕታት ብምኽሓድ፡ ጠንቂ ዋሕዚ ሰደት፡ ንኤርትራ ንምድኻም ካብ ጎረባብቲ ወይ ምዕራባውያን ሃገራት ዝእለም ሸርሕታት ምኻኑ ክገልጹ ይስምዑ።

እዚ ካብቲ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ኤርትራ ዝበጽሕ ዘሎ መሪር ግፍዕታት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ'ዩ እንተተባህለ ብፍጹም ምግናን ኣይኮነን። እንበኣርከስ መፍትሒ ናይዚ ጉዳይ'ዚ እንታይ'ዩ? ዝብል ሕቶ ወትሩ ኣብ ሓንጎል ነፍሲ ወከፍ ደላዩ ለውጥን ጥዑይ ስነ-ኣእምሮን ዘለዎ ዜጋ ምምልላሱ ዘይተርፍ'ዩ። ብቀንዱ ምንጪ ናይዚ ኩሉ ውርደት፡ ግፍዕታትን ሓሳረ መኸራን ህግደፍ ጥራይ ምኻኑ ክሳብ ዝኣመና፡ ንመዋእል ከኣ ከምዚ ዝኣመሰለ ግዕዘይ ስርዓት ክስኽም ዝኽእል እንግድዓ ስለዘይብልና ኣብ ኤርትራ ለውጢ ምርግጋጽ ኣድላዪን ኣገዳስን ምኻኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኩሉ መሰላትን ሓርነትን ንምውሓስ ነዚ ገባቲ ስርዓት'ዚ ብምእላይ ኣብ ኤርትራ መተካእትኡ ብጀካ ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ካልእ ቅኑዕ ምርጫ ድማ ኣይህሉን'ዩ። ነዚ ረዚን ሃገራዊ ዕማም'ዚ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ብቀንዱ ሓላፍነት መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምኻኑ ዘጠራጥር'ኳ እንተዘይብሉ፡ መንእሰይ ብፍላይ ግን ዝያዳ ግዳይ ናይቲ ስርዓት ዝኾነሉ ኩነታት ብምህላዉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኩሉ ግዜ ከም ሞቶር ደሞክራስያዊ ለውጥን ተረኻቢ ወለዶን መጠን ድርብ ታሪኻዊ ሓላፍነት ዝስኽም ግድን ይኸውን። ስለዚ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርኸብ መንእሰይ ተኣሳሲሩ ይኣኽል ጭቆና፡ ይኣኽል ሓሳረ መኸራ፡ ይኣኽል ስደት፡ እወ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብምባል ክለዓለሉ ዝግባእ እዋናዊ መድረኽ ሕጂ ምኻኑ ተገንዚቡ እጃሙ ክገብር ይሕተት።